# ዲሞክራስያዊት ኤርትራ

DEMOKRASIAWIT ERITREA
OFFICIAL ORGAN OF E.L.F.R.C

ብሓልዮት ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝሕተም ክልተ ወርሓዊ መጽሔት

ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ሕታም ቁ.77 መጋቢት-ሚያዝያ 2007


ገጽ 13 ...... *መደምደምታ፡-* ነቲ ምስምዑ ዘየሐጉስ ናይ ምፍንጫል ሙዚቃ ደጋጊምካ ምጽዋትን ነቲ ነፍሲ ወከፍ ወገን ዝወሰዶ ስጉምቲ ርትዓዊ ጌርካ ንምቕራብ ዝግበር ምክልኻልን ነቲ ተረኺቡ ኣይቅይሮን እዩ። ኣብቲ ሓንሳእ ዝኾነ ተረኺቡ ብምትኳር ክርከብ ዝኽእል ንመጻኢ ዝጠቅም መኸሰብ ወይ እውን ፍታሕ የለን። ነቲ ተረኺቡ ከምቲ ዘለዎ ኩናታቱ ተቐቢልካ ንመጻኢ ምጥማትን ምስጓምን ዝሓሸ ውጻኢት ከምጽእ ይኽእል ኢልና ንኣምን። ውድብና ኣብ ኩሉ መዳያዊ ንጥፈታቱ ተዋፊሩ ስርሑ ይቕጽል እነሆ። ኩለን ውድባት ድማ ኣብ ተግባራዊ ስራሕ ብምውፋር ንለውጢ ክሰርሓ ንጽውዕ። ዲሞክራስያዊ ለውጢ ብተግባራዊ ስራሕ እዩ ክምዝገብ ዝኽእል። እቶም ኣብ ውድባት ዘይተሰርዑ ኣካላት ኸኣ እቲ ተረኺቡ ዘሕዝን እኳ እንተኾነ ከም ናይ መወዳእታ ዓለም ወይ ቀቢጸ ተስፋ ገይሮም ካብ ምቕራብ ክቍጠቡ ዝሓሸ እዩ ንብል። ናብቲ ዝመረጽዎ ውድብ ወይ ብሎክ ብምምራጽ ዝከኣሎም ከበርክቱ ዝሓሸ ኮይኑ ይረኣየና። ብዝዕባቲ ተረኺቡ ብቐጻሊ ምቍዛም ግን ንሞራል ናይ ህዝብና ምውዳቕ እንተዘይኮይኑ ነቲ ንለውጢ ዝግበር ቃልሲ ምንም ሓገዝ የብሉን። ኣብቲ ዘቕርብዎ ሚዛንን ገምጋምን ኸኣ ካብ ንኹሉ ብማዕረ ግጉይ እዩ ካብ ምባል ውድዓውን ተባዕን ዝኾነ ትሕዝቶ ከቕርቡ ይግባእ። ከይንጽላእ ንኹሎም ብማዕረ ግጉያት ንበሎም ማለት ዝኾነ ጸገም ንምፍታሕ ዘይሕግዝ በለጽ ዝዓብለሎ ኣቀራርባን ኣመላኻኽታን ስለዝኾነ ክውግድዎ ይግቦኦም። እቶም ኪዳን ዋላ ሓንቲ ኣይሰርሓን ኣየፍረየን ምምሕያሽ የድልዮ ኣሎ ዝብሉ ዝነበሩ ባእታታት ሕጂ ተመሊሶም ንመራሕትና ነቲ ዘይንጥፈትን ዘይምፍራይን ሓላፍነት ዝስከም መራሒ እንደገና ዘይተቐበልኩሞ ኢሎም ክነቕፍዎም ኣይግበኦምን እዩ። ኪዳን ንኢሳያስ ንምልጋስ ብሓባር ንምስራሕ ተባሂሉ ዝተመርጸ መቃለሲ መንገዲ እዩ ነይሩ። ሕጂ እውን እንተኾነ እዘን ክልተ ብሎካት (ወገናት ኪዳን) ኣብ ክንዲ ምጥቕቃዕ ብዝተኻእለ ብሓበር ምስራሕን ምትሕብባርን ምስ ዝመርጻ እቲ ዕላማ ሸቶኡ ክወቅዕ ይኽእል እዩ። ለውጢ ክመጽእ ዝኽእል ንኹሉ ሓይልታትና ናብ ናይ ኢሳያስ ህግደፍ ብምቕናዕን ብከቢድ ስራሕን ጻዕርን እዩ።

## ትሕዝቶ ገጽ

1. ርእሰ-ዓንቀጽ
መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ...1-2

2. ተስፋ ዝሰኾዕን ዘሐብንን ተበግሶታት .......................................3-4

3. ሓበናን ኵርዓትናን ኢዮም'ሞ፡ ሽምዓና ኣብሪህና ንዘክሮም ..........4-5

4. እቲ ዝድለ ንዕላማታትን ድሌታትን
ናይ ህዝብና ምእዙዛት ምኻን ኢዩ .............................................6-7

5. ለውጢ ኣበርቲዕካ ብምቅላስ'ዩ ዝመጽእ'ሞ
ናብ ስራሕ ንበገስ ……………………….................................8-13

6. ዜናዊ ጸብጻብ …………………………………..………………14-24

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## መንእሰያት ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኢሳያስ

መንእሰይ፡ ብደራኺ ባህርያቱን ብድልውነቱ ንለውጥን ዝልል፤ ናይ ቀጻልነት ዋሕስነትን ናይ ምሕዳስ ረቛሒታት ዝውንንን፤ ኣብ ኵሉ መዳያት ናይ ህይወት ኣፍራዪ ግደ ዝጻወትን ዲናሞ ናይ ሕብረተ-ሰብ ዝኾነ ግዙፍን ንጡፍን ሓይሊ'ዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ መንእሰያት፡ ኣብ ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ይኹን ኣብ ካልኦት ሕብረተ-ሰባት፡ ኣብ መዳይ ህንጻን ምዕብልናን ምሕዳስን ዝጻወትዎ ፍሉይን ኣገዳስን ግደ ኣለዎም። እንተኾነ ግን፡ ንኣተሓሳስባን ዕግበትን ወዲ ሰብ ዝውስን ዕድመ ጥራሕ'ዩ ዝብል ተረድኦ ምውናን ውን ቅኑዕ ኣይኰነን። ሕብረተ-ሰብ፡ ውርሻ፡ ትምህርቲ፡ ከባቢ ...ወዘተ ውን፡ ንኣተሓሳስባ ናይ ወዲ ሰብ ኣብ ምቕራጽ ዓቢ ተራ ከምዝጻወቱ ምግንዛብ የድሊ። ብሓፈሽኡ ግን፡ መንእሰያት ኣብ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ከም ሓድሽ ሓይልን ሓድሽ ደምን ኢዮም ዝቝጸሩ። መንእሰይ ብስድራ ቤቱን ከባቢኡን ጥራሕ ኣይኰነን ዝጽሎ፡ እንታይ ደኣ፡ ዝያዳ ንምፍላጥ ኣብ ዘየቋርጽ ናይ ምምርማር ባሕሪ'ዩ ዝሕንብስ። ስለ'ዚ ከኣ'ዮም መንእሰያት ማእከል ስሕበት ናይ ፖለቲካውን ማሕበራውን ሃይማኖታውን ምንቅስቓሳት ዝኾኑ። ጸቢብ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ናይ ድሕረት ሓይልታት፡ ንመንእሰያት ብክለሳ-ሓሳቦም ብምጽላውን፡ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሮም ብምእታውን፡ ንጸቢብ ዕላማታቶም ንምርግጋጽ ከም መሳርሒ ክጥቀምሎም ይጽዕሩ። ብኣንጻሩ ከኣ፡ ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓሳት፡ መንእሰያት ብናጽነትን ብክሱትን ተመራማርን ኣእምሮን ክዓብዩን፤ ንጽቡቕን ሃናጽን ሓሳባት ብምቕባልን፤ ንዕጽው ኣተሓሳስባ ብምንጻግን፥ ንጽቡቕ ካብ ሕማቕ ብምምማይን ፍትሕን ማዕርነትን ሕውነትን ዝሰፈኖ መጻኢ ንምህናጽ ንምብቅያም ኢዮም ዝቃለሱ። ስለ'ዚ ከኣ'ዩ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ንጒዳይ ናይ መንእሰያት፡ ኣብ ኵሉ መዳያት ናይ ንጥፈታቱን ስነ-ጽሑፋቱን ፍሉይ ትኹረት ዝህቦ። ካብ'ዚ ብምብጋስ'ዩ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ'ቲ ብዕለት 17.12.2006 ኣብ ፍራንክፈርት ንዝኸሪ ቀዳማይ ዓመት መስዋእቲ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ኣብ ዝተዳለወ በዓል፡ ነቶም ካብ ግሃነም እሳት ዝኾነ ስርዓት ሃዲሞም ኣብ ስደት ዝርከቡ ይኹን ነቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ መንእሰይን፡ "ነዚ ውድብ'ዚ ተረከብዎ፤ ናብ'ዚ ውድብ'ዚ ክትጽንበሩ ንደልየኩም ኣሎና፤ ጌጋታት እንተልይዎ ድማ ንክትእርምዎን ከተማዕብልዎን ጽዓሩ" ብምባል ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ክቓለሱ ዝጸውዐ። እዚ ጻውዒት'ዚ፡ ናይ'ቶም መገዲ ዓወትን ኣሳልጦን ዝፈልጡን፥ ዓወትን ኣሳልጦን ዝደልዩን ሸነኻት ጻውዒት ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ነቶም መንእሰያት ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ደው ክብሉ ዝጠልብን ሃገራዊ ጻውዒት ኢዩ።

መዓልቲ ሰማእታት፡ ኵሉ ግዜ፡ ጽንዓትናን ዘይዕጸፍ ድሌታትናን ድልውነትና ንሃገራዊ ቃልስን እነሐድሰላ ዕለት ኢያ። ስለዝኾነ ድማ። ንጻውዒታትና ተቐቢሎም፡ ብሓባር ኰይና ኣብ መንገዲ ዓወት ንመርሽን፤ ህዝብና ብሰላም ዝነብረላ ርግእትን ዲሞክራስያዊትን ሃገር ብምህናጽ ንትጽቢታት ናይ ህዝብና ጋህዲ ንግበርን ኢና ንብል ዘሎና።

መንእሰይ ስትራተጂካዊ ጥሪት ናይ ሓንቲ ሃገር ወይ ከኣ ናይ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ምዃኑ ተገንዚብና፡ ንሓይሊ መንእሰይ ብብቕትን ብክእለትን ከነመሓድር ንጽዓር። መንእሰያትና ኣፍረዪትን ንጡፋትን መታን ክኾኑ፡ ካብ ዕሽል ዕድሚኦም ኣትሒዝና ክንምልምሎምን ክንከታተሎምን ይግብኣና። ነዚ ሓላፍነት'ዚ ብግቡእ ንምስካም ድማ ህዝብን መንግስትን ሓቢሮም ክሰርሑ ኣለዎም። ዝኾነ ይኹን ናይ ምብሓት ፈተነ ብሓደ ካብ'ዞም ክልተ ሸነኻት ግን፡ ንኹሉ ማለት ንመንግስትን ንህዝብን ንመንእሰያትን ንሽማግለታትን ዝሃሲ ውጽኢት

ጥራሕ'ዩ ክህልዎ። ብቑዕን ኣፍራዪን ሓይሊ መንእሰይ ንምውናን ድማ፡ ኵሉ ዘድሊ ሕክምናውን ትምህርታውን ኣገልግሎትን ከነቕርበሎም ይግባእ። ኣብ ርእሲ'ዚ ከኣ፡ ሞራላዊ ክንክን ክንገብረሎም ውን ግቡእና ኢዩ። ካብ ናይ ብልሽውናን ሓሽሽን ካልኦት ኣዕነውቲ እጽዋትን ወልፍታትን ከነርሕቖም ይግብኣና። ነዚ ኣገዳሲ ስትራተጂ'ዚ ንምፍጻም ወለዲ ንደቆም ክከታተሉን፥ መንግስትን ኤርትራውያን ገበርቲ ሰናይን ድማ፡ ኣብያተ-ትምህርትን መዋእለ ህጻናትን ናይ ስፖርት ከበባት ንመንእሰያትን ክሃንጹን ይግባእ። ከምኡ ውን፡ ትሕተ ዕድመ ዝኾኑ መንእሰያት ኣብ ውትህድርና ከይኣትው ዝኽልክል ሕግታትን ፖሊሲታትን ምትግባር ሓላፍነት መንግስቲ ምዃኑ ብሩህ ክኸውን ይግባእ።

ስርዓት ኢሳያስ ዝኸተሎ ፖሊሲታት እንተርኢና ግን፡ ንመንእሰያት ንኹሉ ዓይነት ጭቆናን ጀምላዊ ህልቂትን ስንክልናን ዝዳርግ ኰይኑ ንረኽቦ። ብዛዕባ መጻኢ ዕድሎምን ኣብ ልዕሊኦም ብዛዕባ ዝፍጸም በደልን ከይሓስቡ ድማ፡ ኵሉ ናይ ዳንኬራን ሳዕስዒትን መሳርሒታት'ዩ ዝቕርበሎም። ነዚ ጭቆና'ዚ ዝተጻረረ፡ ዕጫኡ ሞትን ማእሰርትን ዓዘባን ኢዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣደዳ ድኽነትን ድንቍርናን ኣደዳ ኵሉ ዓይነት ሕማምን ብፍላይ ከኣ ሕማም ኣይድስ ኰይኖም ይርከቡ ኣለዉ። ብሰንክ'ዚ መዘና ዘይብሉ ጭቆና ከኣ፡ ነታ ዝፈትዋ ሃገርን ዝፈትውዎም ወለዶምን ራሕሪሖም ንስደት ከምርሑ ይርኣዩ ኣለዉ።

ስደት ንህዝብና ሓድሽ ኣይኰነን። እንተኾነ ግን፡ ካብ ግፍዕታት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ንምምላጥ ዝግበር ዝነበረ ስደትን፤ ናይ ሎሚ ስደትን ዝተፈላለየ ኢዩ። ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ እንከሎና ህጻናትን ሽማግለታትን ደቂ ኣንስትዮን ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ብፍላይ ድማ። ናብ ሱዳን ክስደዱ እንከለዉ፥ መንእሰያትን ተመሃሮን ግን ናብ ሰውራኦም ብምጽንባር ምእንቲ ናጽነቶም'ዮም ዝቃለሱ ዝነበሩ። ናይ ሎሚ መንእሰያትን ተመሃሮን ግን ብኣንጻሩ፡ ሽማግለታትን ህጻናትን መበለታትን ንድሕሪት ገዲፎም'ዮም ዝስደዱ ዘለዉ። ክሃድሙ እንከለዉ እንተተታሒዞም ኣብ ልዕሊኦም ዝፍጸም ናይ ሞት ስጉምቲ ይኹን፡ ምድረ-በዳታትን ውቅያኖሳትን ክሰግሩ ከለዉ ዘጋጥሞም ሓደጋታት ከይገትኦም፡ ኣብ ነፍስወከፍ መዓልቲ ካብ 40-50 ዝኾኑ መንእሰያት ኣወዳትን ኣዋልድን ዶብ ሰጊሮም ናብ ሱዳን ይኣትዉ ኣለዉ።

ምስ'ቲ ምዝያድ ናይ ዝሰደዱ መንእሰያት፡ ቍጽሪ ናብ ስደት ዘምርሓ ደቂ ኣንስትዮ ውን እናዛየደ'ዩ መጺኡ። ምኽንያቱ ድማ፡ ናይ ስራሕን ናይ ትምህርትን ዕድላት ስለዝተዓጽዎምን፥ መጻኢ ዕድሎም ሞትን ጥሜትን ድኽነትን ስለዝኾነን፤ ኣብ ናይ ውሑዳት ጀነራላት ረብሓታት ከም ባሮት ንኽብዶም ተገዚኦም ክሰርሑ ዘገድድ ኵነታት ስለእተፈጥረን ኢዩ።

ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ትሕቲ ዝብል ሽፋን፡ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ናብ መደበራት ታዕሊምን ናይ ውግእ ግንባራትን ክትጓረትን፤ ካብ ትምህርትን ሕክምናን ሓዳርን ተሓሪማ ክተነብርን ተፈሪዱላ ኣሎ። ብሰንክ'ዚ ፖሊሲ'ዚ፡ ዕጭኣ ኣብ ኣባይቲ ሰበ-ስልጣንን ጀነራላትን መኰንናትን መንግስቲ ምኽዳምን፡ ጀራዲኖም ምኹስኳስን፡ ቆልዑቶም ምዕባይን፤ ካብኡ ሓሊፋ ውን ስጋዊ ድሌታቶም ንምርዋይ ዝጥቀሙላ ኣቕሓ'ያ ኰይና።

ነዚ ንምቕያርን ጥዑይ ሕብረተ-ሰብ ንምህናጽን ናይ ኵሉ ዜጋ ቃልሲ ይሓትት። መንእሰያት ድማ፡ ንገዛእ ርእሶም ይኹን ንደቆም ብሩህ መጻኢ ክሃንጹ እንተደኣ ደልዮም፡ ንቕሓቶምን ክእለቶምን ከማዕብሉን ይግብኦም። ከምኡ ውን፡ ናይ ጽባሕ መራሕቲ ምዃኖምን፡ ናይ ምምራዝሕ ተርኦም ይቀራረብ ከምዘሎን ፈሊጦም፡ ንነብሶም ብስነ-ፍልጠት ከዕጥቑን ዓቕምታቶም ክብ ከብሉን፤ ኣብ ኵሉ መዳያት ናይ ህይወት ተሳትፎኦም ክብ ንምባል ተበግሶ ክወስዱን ይግባእ። ኤርትራ፡ ናጽነታ ክትጓናጸፍ ዝበቕዐት ብደም ሃገራውያን መንእሰያታ ስለዝኾነት፤ ሕጂ ውን፡ ንመሰል ዜጋታታ እተኽብርን እትሕሉን ዲሞክራስያዊት ኤርትራ በዞም ተቐበልቲ ሕድርን ሓላፍነት ዝኾኑ መንእሰያት ኢያ እትህነጽ።

# ተስፋ ዝሰኰዕን ዘሐብንን ተበግሶታት

ናይ ሎም ዘመን ወርሒ መጋቢት፡ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያትን ግዴኦም ንምጽዋት ወይ ሓላፍነቶም ንምስካም ተባዕ ስጕምቲ ዝወሰዱላ፡ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስን ምኽባር ሰብኣዊ መሰላትን ግዝኣተ-ሕግን ክሰፍን ንዝቃለስ ኵሉ ፖለቲካዊ ሓይልታት ይኹኑ ውልቀ-ሰባት፡ ተስፋታቱ ዝኾልዐት ታሪኻዊት ወርሒ ኢያ ነይራ።

ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያትን ማሕበራቶም መስሪቶም ንመሰላቶም ክቃለሱ ምብጋሶም፤ ነቲ እዞም ክፍልታት ሕብረተ-ሰብና እዚኣቶም ኣብ መዋእል ሓርነታዊ ተጋድሎና ዝኸፈልዎ መስዋእትን ዝተጻወትዎ ግደን ዳግም ንምርግጋጽ ተበጊሶም ምህላዎም'ዩ ዘመልክት። ብርግጽ ከኣ፡ ተወዲቦምን ተጠርኒፎምን እንተደኣ ተቓሊሶም፡ ነቲ ትማሊ ዘመዝገብዎ ዓወት ሎሚ ውን ክደግምዎ ምኳኖም ዘጠራጥር ኣይኮነን።

እዞም ክልቲኦም ክፍልታት ሕብረተ-ሰብና እዚኣቶም ናይ ለውጢ ሓይልታት ምኻኖም ታሪኽናን ታሪኽ ዓለምናን ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ። ደቂ ኣንስትዮ ነቲ ንዘመናት ኣብ ልዕሊኣን ክፍጸም ዝጸንሐ ደርባውን ጾታውን ጭቆና ንምልጋስ ዝቃለሳ፡ ናይ ለውጢ ሓይሊ ክኾና እንከለዋ፤ መንእሰያት ድማ፡ ናይ ለውጢ ሞተርን፡ ናይ መጻኢ ተስፋን ተረከብቲ ሕድርን ዝኾኑ ኣገዳሲ ክፍሊ ናይ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ምኻኖም ብሩህ ጕዳይ ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ብዘይ ተሳትፎ ናይ ደቂ ኣንስትዮን መንእሰያትን ዝረጋገጽ ለውጢ ከምዘየለ፡ ኣሉ ዘይብሃለሉ ሓቂ ምኳኑ ርግጽ ኢዩ።

ኣብ ጀርመንን ሃገራት ስካንዲናቭያን ተበጊሱ ዘሎ ማሕበራት ናይ ደቂ ኣንስትዮን፤ ከምኡ ውን፡ ኣብ ጀርመንን ሱዳንን ኢትዮጵያን ኣብ ማሕበራት ክተኣኻኸብ ጀሚሩ ዘሎ ሓይሊ መንእሰይን ብቑልቲ ናይ ዝሰፍሐን ዝዓበየን ናይ ለውጢ ሓይሊ ምኻኖም ርዱእ ኢዩ። እዚ መታን ክኸውን ግን፡ እቶም ነዚ ተበግሶ'ዚ ወሲዶም ዘለዉ ኣብ ዝተፈላለየ ኵርንዓት ናይ ዓለም ዝርከቡ መንእሰያት ኰነ፥ ነዚ ተበግሶ'ዚ ወሲደን ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮ፡ ምስ መሓዙቶም ዝኾና ማሕበራትን ኣብ ሕድሕዶምን ናይ ርክብ መስኖታት ክኸፍቱን፤ ነቲ ኣብ ውሽጥን ኣብ ግዳምን ዝርከብ ወገኖም ክውድቡን ክልዓዕሉን ሓላፍነቶም ምኳኑ ክዝንግዑ ኣይግባእን። ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ዝጻረሩ ተቓወምቲ ውድባትን በርገሳዊ ማሕበራትን ዲሞክራስያውያን ውልቀሰባትን ሰብኣዊ ማሕበራትን ናይ ዜናን መርበብ ሓበሬታ ማዕከናትን ድማ፡ ንዋታውን ሞራላውን ደገፋት ክበርክቱሎምን፤ ናጻ ማሕበራቶም ኣብ ምምስራት ከተባብዕዎምን ትጽቢት ይግበረሎም ኢዩ።

ብኻልእ ሸነኽ፡ ክልተ ኤርትራውያን መንእሰያት ደቂ ኣንስትዮ፡ ወይዘሪት ዑቝባ ተኽለን ወይዘሪት ሶፍያ ወልደሱስ ዓማርን፡ ማሕበር ስዊስ-ኤርትራ ዝብል ንስደተኛታት ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ወድሽሪፈይ ደገፋት ክኣኻኽባን ከበርክታን ድሕሪ ምጽናሕ፤ ምስ ካልኦት ለገስቲ ኣብ ከሰላ በጺሐን፡ ንኵነታት ኣሕዋተን ስደተኛታት ብቐረባ ክፈልጣን ክድግፋን ምምጽአን፡ ኣብ ልዕሊኣንን ኣብ ልዕሊ ካልኦት መሳቱኣን ዝኾኑን ዝኾናን መንእሰያትን ተነቢሩ ዘሎ ሓላፍነት ብግቡእ ከምዝተገንዘባ'ዩ ዘመልክት። ክንደይ ዓበይቲ ኢና፡ ናይ ፖለቲካ ሊቃውንቲ ኢና፡ ብህዝብና ንግደስ ኢና ዝብሉ ኤርትራውያን ዘይተበገስሉ ዕማም፡ እዘን መንእሰያት እዚኣተን ከም ውራየን ወሲደን፡ ንጽጉማት ስደተኛታት ኣሕዋተን ክድግፋን ኵነታቶም ብዓይነን ክርእያን ካብ ስዊዘርላንድ ናብ ከሰላ ምምጽአንን፤ ከምኡ ውን፡ ፍስሃጽየን ናይርን ሓያት ኢብራሂም ገደምን ዝርከብዎ ልኡኽ ናይ ማሕበር ልዝብን ማሕበር ሓሪራን ዝተባህላ ክልተ ትካላት፡ ኣብ ምብራቕ ሱዳን ኣብ መደበራት ስደተኛታት ሽገራብን ኪሎ

ስታ ዎ ዕሽሪንን ወድሽሪፈይን ንምብጻሕ ተበጊሶም ኣለዉ። ዕላማ ናይ’ቲ ብጽሖት ንኾነታት ናይ ስደተኛታት ምጽናዕን ዘድልዮም ሓገዛት ንምትእኽኻብ ምጽዓርን ምዃኑ፡ ማእከል ኤርትራዊ ማዕከን ዜና ሓቢሩ። እዚ ኵሉ ተደማሚሩ፡ ኣለዋና እባ’የን ኣለዉና እባ’ዮም ኣይተረሳዕናን እባ ኢና ዘብል ተስፋ ኣብ ስደተኛታት ህጻናትን ወለድን ዝሰኾዐ ዘኹርዕን ዘሐብንን ስነ-ምግባር ኢዩ። እዚኦም ውን፡ ገለ ካብ’ቶም ወርሒ መጋቢት ዘበርከተቶም ዓበይቲ ህያባት ኢዮም።

ደጊም ናይ ለውጢ ሓይልታት ነንሕድሕዶም ክጫነውን፡ ሓቢሮም ነቲ ኣብ ክንዲ ሰላም ውግእ፤ ኣብ ክንዲ ፍልጠት ድንቁርና፡ ኣብ ክንዲ ናጽነት ማእሰርትን ባርነትን፤ ኣብ ክንዲ ናብ ሃገር ምምላስ ስደት፤ ኣብ ክንዲ ሰብኣዊ ክብረት ውርደት፤ ኣብ ክንዲ ዲሞክራሲ ምልኪ፤ ኣብ ክንዲ ብልጽግና ጥሜት ዘውረሰና ግናይ ስርዓት ንምቕያር ጸዓታቶም ከኻዕብቱ ዝጥለብሉ መድረኽ በጺሕና ምህላውና ጋህዲ እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ስለዝኾነ ድማ፡ እቲ ኣብ ቅድሚ ነፍስወከፍ ኤርትራዊ ዘሎ ምርጫ፡ ወይ ኣብ ጐድኒ ናይ ለውጢ ሓይልታት ደው ብምባል፡ ንህዝብን ሃገርን ምድሓን’ዩ፤ ወይ ድማ ኣብ ጐድኒ ጨቆንትን መለኽትን ደው ብምባል፡ ናይ ውድቀትን ሕፍረትን መዓልቲ ምጽባይ ኢዩ። ሳልሳይ ኣንጕል ምርጫ ግን የለን።

# ሓበናን ኵርንዓትናን ኢዮም’ሞ ሽምዓና ኣብሪህና ንዘክሮም

ኣባላት ፈጻሚ ሽምግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝነበሩ ብጾት ወልደማርያም ባህልብን ተኽለብርሃን ገብረጻድቕን (ወዲ ባሻይ) ብ26 ሚያዝያ 1992 ብገበርቲ እከይ ዝኾኑ መሓውር ስለላ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ካብ ከሰላ ተጨውዮም ናብ ኤርትራ ተወሲዶም። ን15 ዓመታት ድማ፡ ብዘይ ክስን ብዘይ ፍርድን ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ናይ’ቲ ሰብኣዊ ርህራሄ ዘይብሉን ሰብኣዊ ክብሪ ዘይፈልጥን ኣረሜናዊ ስርዓት ይበልዩ ኣለዉ። ቤተ-ሰቦም ይኹን ካልእ ሰብኣዊ ትካላት ክበጽሖም ስለዘይፍቀድ ከኣ፡ ብዘይካ’ቲ ስርዓት ካልእ ይሃልዉ ኣይሃልዉ ክፈልጥ ዝኽእል ሰብ የለን።

እዞም ኣብ ቃልሲ ምእንቲ ሓርነት ህዝብና ንእስነቶም ዘብለዩ ሓርበኛታት ተጋደልቲ እዚኣቶም፡ ዝፈጸምዎ ዝኾነ ይኹን ገበን የብሎምን። ብጽንዓቶም፡ ትብዓቶምን ተወፋይነቶምን ዝልለዩን፥ ኣብ ልዕሊ ህዝቦምን ናይ ቃልሲ ብጾቶምን ብዝነበሮም ሓልዮት ድማ፡ ምስጉናትን ፍቑራትን ዝኾኑ ተጋደልቲ ኢዮም ነይሮም። ከም’ዚ ዝዓይነቱ ሞያ ዝፈጸሙ ጀጋኑ ዜጋታት፡ ብኽብሪ ደኣ’ዮም ክተሓዙን ክዝከሩን ዝግባእ እምበር፥ ኣብ ናይ ሽዑ ህዝባዊ ግንባር ዘይምእማኖም ጥራሕ፡ ከም ገበን ተቈጺሩ፡ ን15 ዓመታት ጸሓይ ከይረኣዩ፡ ኣብ ጐዳጉዲ ናይ’ቲ ስርዓት ክሰፍሩ ንዝኾነ ይኹን ብሰብኣዊ መሰል ዝሕለቕን፥ ንሰብኣዊ ክብሪ ዝከላኸልን ውድብ ኮነ ውልቀ-ሰብ ቅቡል ኣይኮነን።

ዝኾነ ሰብ፡ ንዝደለዮ ዕላማ ይኹን ንዝደለዮ እምነት ክሰዕብ ክሕከኽ ዘይብሉ ጥራሕ ዘይኮነስ ብጌጋ ውን እንተኾነ ክንካእ ዘይብሉ መሰል ወዲ ሰብ ኢዩ። ነዚ መሰል’ዚ ዝነክእ ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ወይ ውልቀ-ሰብ ድማ፡ ክውገዝን ኣብ ቅድሚ ሕጊ ቀሪቡ መቕጻዕቱ ክወስድን’ዩ ዝግባእ። ሕጊ እንዳባ’ኳ ከይተረፈ፡ ንመባእታዊ መሰላት ወዲ ሰብ የኽብር’ዩ። ባርያ ኢሉ ንዝጸረፈ፡ ሰብ ንዝፈግአ፡ ዘይናቱ ንብረት ንዝመንዝዐ፡

ዝቐጽዕ ሕግታት ኣለዎ። ስርዓት ኢሳያስ ግን፡ ባዕሉ ሕጊ፡ ባዕሉ መንግስቲ፡ ባዕሉ ፈራዲ ኰይኑ፡ ንተቓወምተይ ኢዮም ዝብሎም ክቕንጽልን ክኣስርን ክጨውን፤ ንኣገልገልተይ'ዮም ዝብሎም ድማ፡ መሬትን ሃብትን ሽመትን ክዕድልን'ዩ ዝርአ ዘሎ። ከም'ዚ ዝዓይነቱ ፍትሒ ዘይፈልጥ ስርዓት፡ ውዒሉ ሓዲሩ ሕማቕ ኣወዳድቓ ከምዝወድቕ ፍሉጥ'ኳ እንተኾነ፡ ብኣጋኡ ዓገብ ዝብሎ ስለዝሰኣነ ግን፡ እቲ ብሓደ ክልተ ዝጀመረ መጭወይትን ማእሰርትን መቕተልትን፡ ሎሚ ናብ ኣማእታትን ዓሰርተታት ኣሽሓትን ክብ ክብል፣ ብጸላእቲ ዝጀመረ ክስን ጸለመን ንፈተውቲ ክለኪ፡ ኣብ ውሻጠ ዝጀመረ ባእሲ ናብ ጐረባብቲ ክልሑኽ ዕድል ረኺቡ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ መጻኢ ዕድል ህዝብን ሃገርን ኣብ ኣዝዩ ሓደገኛ ዝኾነ ኵነታት ወዲቑ ምህላዉ ንዝኾነ ይኹን ሰብ ስውር ኣይኰነን።

ሕጂ ውን፡ ነፍስወከፍ ኤርትራዊ ዜጋን ኵሎም ፖለቲካዊ ሓይልታቱን፡ ነዚ ስርዓት፡ ሕግን መሰልን ዘይፈልጥ ሃላሊ ጕጅለ'ዚ ቀይዲ ክገብረሉ፡ ንኣዕናዊ ተግባራቱ ደው ከብሎን ሓላፍነቱ ምዃኑ ክዝንግዕ ኣይግባእን ኢዩ። ሓላው እሱራት፡ ስለምንታይ ኢና ነዞም ሰባት እዚኣቶም ኣሲርናዮም ዝብል ሕቶታት ከቕርብ፥ ፈራዳይ፡ ስለምንታይ ብዘይ ክስን ፍርድን ሰባት ኣብ ማእሰርቲ ይብልዩ? ኢሉ ተቓውሞታቱ ከስምዕ፥ ጠበቓታት፡ ክሱስ ስለምንታይ'ዩ መሰል ናይ ጥብቅና ዝንፈጎ ኢሎም ክምጕቱ፥ ቤተሰብን ቀረብን እሱራት፡ ደቅና ክንርእን ክንበጽሕን ስለምንታይ ንኽልከል ኢሎም ተቓውሞኦም ከስምዑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ድማ፡ ነዚ ንህዝቢ ኤርትራ ናብ ደልሃመት ኣእቲዩዎ ዘሎ ስርዓት "ደጊምሲ ይኣክል፡" ካብ'ዚ ንላዕሊ ክንጽመም ኣይንኽእልን ኢና፡ "ሕጊ ይነብር ተተኺሉ፡ ስርዓት ይነብር ተዛዊሩ" ብምባል ኣብ ጽርግያታት ወጺኡ ሰላማዊ ሰልፍታት ክገብር ግዜኡ ኣኺሉ ኢዩ። ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ድማ፡ ኣብ ጐድኒ ህዝቦም ደው ክብሉን፡ ነቶም ቀተልቲ እሰሩን እናበሉ ዝእዝዝዎም መራሕቶም ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ከእትዉን ትጽቢት ይግበረሎም ኢዩ።

ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ኤርትራውያን ድማ፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ እትውሃብ ሳንቲም ኣብ ምንዋሕ ስቅያት ናይ ህዝብና ዓቢ ግደ ከምዘለዋ ፈሊጦም፡ ኵሎም ናይ ሕልና እሱራት ክይተፈትሑ፡ ሰብኣዊ መሰል ክይተሓለወ፡ ናጻ ፕረስ ክይተፈቕደ፡ መስርሕ ዲሞክራሲ ክይጀመረ ሳንቲም ጸዕዳ ውን ትኹን ኣይንኸፍልን ኢና ኢሎም ነቲ ስርዓት ብሓደ እግሩ ደው ከምዝብል ክገብርዎን፤ ኣብ ቅድሚ ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ንምቅላዑ ሰላማዊ ሰልፍታት ክገብሩን ሓላፍነቶም ምዃኑ ክዝንግዑ ኣይግባእን።

ስለ'ዚ ነዞም ሓበናን ኵርዓትናን ዝኾኑ ኣብ ማእሰርቲ ዝርከቡ ናይ ፖለቲካ ተቓወምትን፡ ጋዜጠኛታትን መራሕትን ሰዓብትን እተፈላለዩ ሃይማኖትን ንምዝካርን፡ ተቓውሞታትና ንግፍዓዊ ተግባራት ስርዓት ኤርትራ ንምግላጽን፡ ኣብ'ዛ ትመጽእ ዘላ ዕለት 26 ሚያዝያ 2007 ኣብ ገገዛና ኰይና ሽምዓ ወሊዕና ክንዝክሮምን፤ ካብ'ዛ ዕለት እዚኣ ኣትሒዝና፡ ነቲ ስርዓት እነበርክቶ ዝነበርና ዝኾነ ይኹን ደገፍ ደው ንምባል መብጽዓ ክንኣቱን ይግባእ።

ነዞም ንዓና ብርሃን ክህቡ፡ ንነብሶም ከም ሽምዓ ዝመኸኹ ናይ ሕልና እሱራትና እምበኣር፡ ነፍስወከፍና በታ ዘላትና ዓቕሚ፡ ጽሓፋይ ብብርዑ፡ ገጣማይ ብግጥሙ፡ ፖለቲከኛ ብመደረኡ፡ ደራፋይ ኣብ ደርፉ፡ መራሕቲ ሃይማኖት ኣብ ጸሎትና ክንዝክሮም ሓደራ።

ኣብ

# እቲ ዝድለ፡ ንዕላማታትን ድሌታትን ናይ ህዝብና ምእዙዛት ምዃን'ዩ

**ዘይቃዶ መርገጺታት:-**
"ባዕላን መምጽኢት ደርፌ፡ ባዕላን መጥፍኢት ደርፌ" ከምዝበሃል፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ብሓደ ኢዱ ንዝጸሓፎ፥ በቲ ካልኣይ ኢዱ እናደምሰሶ ክኸይድ ከምዝጽንሐ ዘረጋግጹ ብዙሓት ኣሉ ዘይበሃለሎም ጭብጥታት ኣለዉ። ስርዓት ኢሳያስ፡ ክፉቱ እንክሎ ላዕሊ ዝሰቅል፡ ክጸልእ እንክሎ ድማ፡ ጽቡቕካ ክይተረፈ ዝድምስስ ፍትሒ ዘይፈልጥን ብፍትሒ ዘይስፈርን ስርዓት ምዃኑ ታሪኹ ዝምስክሮ ሓቂ ኢዩ።

ስርዓት ኢሳያስ፡ ብዛዕባ ዲሞክራስን ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ኣመልኪቱ፡ "ጉዳይ ዲሞክራሲ ከም'ዚ ሕጂ ፋሽን ቅድሚ ምዃኑን ቅድሚ ውድቀት ሶቭየት ሕብረትን ንሕና ኢና ተቐቢልናዮ ክብል ከምዘይጸንሐ፤ ድሕር ኢሉ፡ ህዝቢ ኤርትራ "...ባኒ እምበር ዲሞክራሲ ኣይኮነን ዘድልዮ። ዲሞክራሲ፡ ንህዝብና ብዓሌት ሃይማኖት ክገዛዝዮ'ዩ፤ ....ኣነ ብህይወት ክሳዕ ዘለኹ፡ ካብ ስልጣን ክእለ'የ ኢለ ሓሲበ ወይ ሓሊመ ኣይፈልጥን..." ክብል ተሰምዐ። ሰበስልጣን ስርዓት ኣስመራ፡ "ዶብና ከይተሓንጸጸ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ደው ክብል ማለት ዘይሕሰብ'ዩ ምባሎም ድማ ኣዝዩ ዘሻቕል ሓደገኛ ኣበሃህላ ኢዩ።

ኣብ 1992፡ ስርዓት ኢሳያስ፡ ሱዳን፡ ሰላምን ምርግጋእን ሃገርና ንምዝራግ፡ ጥሩፍ ሃይማኖታዊ ኣይድዮሎጂን (ስነ-ሓሳብ) ጥሩፋት እስላማውያንን ትልእኽ ኣላ ኢሉ ምኽሳሱን፤ ኣስዒቡ፡ ብ1994 ብናቱ ተበግሶ ምስ ሱዳን ዝነበሮ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ከምዝበተኸን ውን ዝዝከር ኢዩ። ሕጂ ድማ፡ ምስ ሱዳን ዝኾነ ይኹን ፍልልይ ከምዘይነበሮን ከምዘይብሉን፤ እቲ ኣብ መንጎ ሱዳንን ኤርትራን ዝጸንሐ ፍልልይ ናይ ሓደ ስድራ ቤት ባእሲ'ዩ ክብል ይስማዕ ኣሎ። ከምኡ ውን፡ እቲ ንሰላምን ምርግጋእን ኤርትራ ዝዝርግ'ዩ እናበለ ክኸሶን ክጻረሮን ዝጸንሐ፡ ናይ ጥሩፍ እስላማዊ ኣይድዮሎጂ፤ ሶማልያ ሰላምን ምርግጋእን ከምጽእ'ዩ እናበለ ክጠበቐሉን ክምጕተሉን ተራእዩ።
ኣብ ኤርትራውን ኢትዮጵያውን መዳይ ከኣ፡ "ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ናብ ትርጉም ዘይብሉ ብርኪ ክሰጋገር ኢዩ" ክብል ከምዘይጸንሐ፤ ድሕሪ'ቲ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት እተኻየደ ውግእን፡ ስዒቡ ዝመጸ ወጥርን "ብይን ኮሚሽን ዶባት ኤትራን ኢትዮጵያን ቀያድን ናይ መወዳእታን ስለዝኾነ፡ እዚ ኣብ ግብሪ ከይወዓለ፡ ምስ ኢትዮጵያ ዝግበር ሰላማዊ ዘተ የለን ዝብል መርገጽ ከቃልሕ ተሰምዐ። ካብ ሓደ ጫፍ፡ ናብ'ቲ ካልእ ጨፍ ምንጣር መለለዩ ባህሪ ናይ'ቲ ስርዓት ኢዩ።

**ዘይቃዶ ተግባራት:-**
ኢሳያስ፡ ንህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ካብ ኢትዮጵያ ንኽይግንጸል ዝጸዓረን ዘዕገበን ህዝባዊ ግንባር ኢዩ እናበለ ደጋጊሙ ክዛረብ ክንሰምዖ ጸኒሕና። እዚ ሓቀኛ እምነቱ እንተደኣኮይኑ፡ ስለምንታይ ደኣ'ሉ ነቲ ካብ ኢትዮጵያ ናይ ምግንጻል ዕላማ ዘለዎ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ፡ ዝድግፍን ዘዋፍርን ዝሕብሕብን ዘሎ?

ኢሳያስ፡ ብዛዕባ ልዑላውነት ሃገር ምክልኻል ብዙሕን ሒደትን ክዛረብ ይስማዕ። ብግብሪ ውን፡ ልዑላውነት ኣብ ትሕቲ ዝብል ሽፋን ንመንእሰያት ኤርትራውያን ዓስኪሩ፡ ኣብ'ቲ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ዘካየዶ ውግኣት ክጠብሶም ጸኒሑን ኣሎ። እዚ ጥራሕ ውን ኣይኮነን፡ ነቶም ተቐናቐንቱ ዝኾኑ ውድባትን ውልቀሰባትን ዋላ ውን ነቶም ክሳዕ ናጽነት ኤርትራ ምስኡ ኰይኖም ንህዝባዊ ግንባር ዝመርሑ ዝነበሩ ብጾቱ ከይተረፈ ብክሕደት ክኸሰስን ክኣስርን ተራእዩ። ብኣንጻሩ ከኣ፡ ነቲ ዶባትና ቀይሕ ባሕሪ እምበር ባድመ ኣይኮነን፥ ኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ'ያ ኢሉ ዝኣምንን፤ በዚ እምነት'ዚ ህዝቢ ከነቃቕሕን ክውድብን ዝጸንሐ "ቅንጅት" ኣብ ኤርትራ ከዕቁብን ክምልምልን ኵሉ መዳያዊ ደገፋት ከበርክትን ይርእ። ናይ

ኤርትራ መራኸቢ ብዙሓን፡ ንኤርትራውያን ዜጋታት ተሓሪሙ፡ ንቅንጅትን ኦነግን መሰልቶምን ግን ከምድላዮም ክሕንብስሉ'ዩ ተፈቒዱ። እዝስ ተጋራጫዊ'ዶ ኣይኮነን? እዚ ዘረጋግጽ ነገር እንተድኣሃልዩ፡ እቲ ኣብ ኣስመራ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝምርሓሉ ራእይ ይኹን ስትራተጂ፡ ወይ ድማ ዝቕየደሉ ክብሪ ይኹን ሞራል ከምዘይብሉ ኢዩ። እቲ ስርዓት ዝግልገለሉ መርሆ፡ "ናይ ጸላእየይ ጸላኢ፡ ፈታውየይ ኢዩ" ዝብል ኢዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ኵሉ ነገር ታክቲክ ወይ ስልቲ ኢዩ። ክሳዕ ድላዩ ዝፈጸምካሉ ፈታዊኡ፡ ድሌቱ እንተዘይፈጺምካ ድማ ጸላኢኡ ኢኻ። ናይ ሓባር ረብሓ ዝብሃል ቃል ኣብ መዝገበ ቃላቱ ኣይርከብን ኢዩ። ስትራተጂኡ ሓንትን መተካእታ ዘይብላ ኢያ። ንሳ ከኣ፡ ዝገበርካ ጌርካ ኣብ ስልጣን ምንባር ጥራሕ ኢያ።

እታ ሓንቲ ስርዓት ኢሳያስ ከይተገለባበጠ፡ ብሓደ ቅኒትን ብሓደ ናይ ምቍንጻብ ቃልን ክቕጽላ ዝተራእየ መርገጽ፡ እታ ኣብ ልዕሊ ሕብረት ኣፍሪቃን ሕቡራት ሃገራትን ዝነበረቶን ዘላቶን ተጻብኦ ጥራሕ ኢያ። እዚ ከኣ፡ ካብ'ቲ ንኣህጉራዊ ስምምዓትን ቻርተራትን ክምእዘዝ ወይ ብኡ ክቕየድ ዘይደሊ ዲክታቶርያዊ ባህርያቱ ዝነቅል ደኣ'ምበር፤ ካልእ ሚዛንን ፍትሓዊ ኣረኣእያን ዘንቀሎ ኣይኮነን። ኢሳያስ፡ ነዚ ብኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብ ቅቡል ዝኾነን ተፈላጥነት ዘለዎን ትካላት'ዚ፡ ከምዘየለ፡ ሓንቲ ክገብር ዘይኽእል ልሙስ ኣካል ገይሩ ክገልጾ ጸኒሑን ኣሎን። ሓሓሊፉ ግን፡ ሕብረት ኣፍሪቃ እዚ ዘይገበረለይ፥ ሕቡራት ሃገራት ከም'ዚ ዘይበለለይ ኢሉ ከይሓፈረ ክኸስስ ድማ ይስማዕ ኢዩ። ብቻርተራትን ሰነዳትን ኣህጉራዊ ትካላት ክጽዓድ ዘይደሊ ኣካል፡ ካብ ሕግን ፍትሕን ዝሸፈተ መንግስቲ፡ ንኣህጉራዊ ማሕበራት ሓላፍነቶም ዘይተሰከሙ ኢሉ ክኸስስ ቅቡል ጥራሕ ኣይኮነን ዘይኮነስ፡ ዝኾነ ይኹን ሞራላዊ መሰል ውን የብሉን። እንተኸሰሰ ውን ሰማዒ ክረክብ'ዩ ማለት ዘበት ኢዩ።

ደንበ ተቓውሞ'ኸ፡ ካብ ዘይቃዶ መርገጻትን ተግባራትን ሓራ ድዩ?

ደምበ ተቓውሞ፡ ምስ ጐረባብቲ ሃገራት ኣብ ሓባራዊ ረብሓ እተመርኰሰ ጥዑይ ዝምድና ንምኽምስረት ሓደን ንጹርን መርገጽ ሒዙ ከይሰልከከየ ክቃለስ ጸኒሑ። ከምኡ ውን፡ ኣብ መንጎ ጐረባብቲ ሃገራት ንዝፍጠሩ ግርጭታት መፍትሒኦም ሰላማዊ ልዝብ ምዃኑ ክገልጽን፥ ንኢደ ወነናዊ ውግኣት ስርዓት ኤርትራን ብቐጻልነት ክኹንን'ዩ ተራእዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ደምበ ተቓውሞ፡ ንኣህጉራዊ ውዕላትን ሕግታትን ምእዙዝ ምዃኑ ንሓንቲ ህሞት ውን ትኹን የማን ጸጋም ከይበለ ንጹር መርገጽ ክገልጽ ጸኒሑን ኣሎን። እንተኾነ ግን፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞ፡ እዝን እትን ከይበልና፡ ነንሕድሕዶም ዘይቃደው መርገጽታትን ተግባራትን ክጋሃዱ ምጽናሖም ኣሉ ክበሃል ዝከኣል ኣይኮነን። ብፍላይ ድማ፡ ኣብ ጉዳይ ሓድነት ብዝምልከት፡ ንሓድነት ክጠበቑ ጸኒሖም፡ ክሳዕ ሓይሎም ዝጽንቀቕን ጐረርኦም ዝነቅጽን ብርያም ዝነጽፍን ንምፍንጫል ክጣበቑ፤ ጽንሕ ኢሎም ድማ፡ ሃዋርያት ናይ ሓድነት ክኾኑ ዝፍትኑ ውልቀሰባትን ውድባትን ተራእዮም ኢዮም። "ጸላኢ ጸላእየይ ፈታውየይ" ካብ ዝብል መንቀሊ፡ ምሕዝነታት ክፍጠሩን ክፈርሱን ውን ርኢናን ተዓዚብናን ኢና። ካብ'ዚ ተመኵሮታት'ዚ ተማሂርና ክንከውን እናተተስፎና፡ እቲ ዝድለ፡ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ይኹን ተቓወምቲ ንዕላማታትን ድሌታትን ናይ ህዝብና ምእዙዛት ምዃን ጥራሕ ኢዩ።

ድሌትን ዕላማን ናይ ህዝብና ድማ፡ ናጽነትን ፍትሕን ዲሞክራስን ብልጽግናን ምርግጋጽን፤ ልዑላውነት ሕግን ህዝብን ምኽባርን ንሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራ ምቅላስን ኢዩ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ነዞም ዕላማታት እዚኣቶም ምእዙዝ ምዃኑ ከነረጋግጽ ንፈቱ። እቲ ምስ ካልኦት ተመሳሳሊ መደብ ዕዮታት ዘለዎም ውድባትን ሰልፍታትን ጒጅለታትን ውልቀሰባትን ሓቢርና ሰፊሕ ህዝባዊ ባይታ ዘለዎ ሰልፊ ንመስርት ዝብል ተበግሶና ድማ፡ ነዞም ዕላማታት እዚኣቶም ንምዕዋት ዘኽእል ኣገዳሲ መሳርሒ'ዩ ኢልና ስለዝኣመናሉን ዝዓገብናሉን ምዃኑ እናኣስመርና፤ ካልእ ዝሓሸ ኣማራጺታት እንተልዩ ድማ ብጋህዲ ይቕረብ'ሞ ንዛራረበሉ።

# ለውጢ ኣበርቲዕካ ብምቅላስ'ዩ ዝመጽእ እሞ ናብ ስራሕ ምብጋስ እዩ ብጋንታ ንሓርነት

ዝኸበርካ ኣንባቢ፣ ኣፋፍናት ትርጉም ዲሞክራሲ ከምዝህልወና ፍሉጥ እዩ። እንተኾነ ግን ምስ ዴሞክራሲን ናይ ቃልሲ ኣገባብናን እንጥቀመሎም ቃላት ሓቀኛ ትርጉሞምን ኣብ ዝተፈላለየ መድረኽን ኩነታትን ዝህብዎ መልእኽትን ኣጸቢቕና ንፈልጦ ደኾን ንኸውን? ገለ ኣብዚ ግዝያትዚ ዳርጋ ኩሉ ኤርትራዊ ዘዘውትሮምን ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝረኣዩን ከም ኪዳን፣ ብሎክ፣ ዝኣመሰሉ ፖሊቲካዊ ቃላትን ሓፈሻዊ ዲሞክራስያዊ ኣገባብን ኣሰራርሓን ብግቡእ ትርጉሞምን ኣጥቓቕምኦምን ምርዳእ ጠቓሚ ይኸውን ንብል። ኣብዞም ናይ ፖለቲካ መሰረታውያን ቃላትን ሓረጋትን እዚኣቶም ሓባራዊ ኣረዳድኣ ምስ ዝህልውና ንናይ ሓባር ምምይያጥናን ምርድዳእናን ካብ ጌጋ መደምታትን ድንግርግርን ክንድሕን ንኽእል። ንኣብነት ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ሰውራዊ ባይቶ ወልዴሱስ ዓማር ውድብና ምስ ካልኦት ኮይና ሓያል ወይ ሰዓሪ ሓይሊ (ብሎክ) ከተቕውም ጀሚራ ኣላ ክብል እንከሎ እንታይ ማለቱ እዩ? እምበኣር እዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ኣንበብትና ምእንቲ ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣዝዮም ዝውቱራት ዝኾኑ ግን ብግቡእ ዘይንጥቀመሎም ሓድሓደ ፖሊቲካዊ ቃላትን ዲሞክራስያዊ ስርዓት ኣገባባትን ብፍላይ ምስዚ ናይ ሕጂ ናይ ኪዳን ተረኽቦ ብምዝማድ ከተብርህ ክትፍትን እያሞ ሰናይ ንባብ።

ካብ ሳልሳይ ሰሙን ናይ የካቲት 2007 ኣብ ኪዳን መሪሕነት ጸገም ዝተረኽበሉ ግዜ ጀሚሩ ብዙሓት ናይ መርበብ ኢንተርነት ጽሓፍቲ ብዙሕ ክጽሕፉን ዝርኣርዮም ክገልጹን ክነቕፉን እውን ርኢና። ጋንታ ንሓርነት ተኸታቲለት መርበብና ምእንቲ ካብቶም ናይቲ ጉባኤ ተሳተፍትን ወከልቲ ኣብቲ ድሕሪኡ ዝተኻየደ ናይ ማእከላይ መሪሕነት ኣኼባን እቶም ብቐረባ ኣብ ሱዳንን ኢትዮጵያን ኮይኖም ዝከታተሉ ተዓዘብትን ክሰምዕዎ ብማለት በቲ ጉዳይ እቲ ዓምዲ (ኦዲቶርያል) ካብ ምጽሓፍ ተቖጢብና ጸኒሕና። በዚ ኣጋጣሚ እዚ ንሓደ ካብቶም ተዓዚብቲ ኣቶ ዓብዱረዛቕ ከራር ዝተባህለ ጋዜጠኛን ኣባል ናይ ኣብ ካርቱም ዝመደበሩ ኤርትራዊ ማእከል ናይ ዜና (መድያ) ኣገልግሎት ሓቀኛን ወድዓውን ገምጋምን ጸብጻብን ናይቲ ኣብ ውሽጢ ኪዳን ዝተረኽበ ኩነታት ብምቕራቡ ምስጋናና ነቕርበሉ።

ድሕሪ ኣብ ኪዳን ዝተረኽበ ቅልውላው ብዙሓት ጽሑፋት (ኣርቲክላት) ገለ ብናይ ብርዒ ስም ዝጥቀሙ ንናይ ነፍሲ ወከፍ ናይቲ ኣብዚ ግዜ'ዚ ተመቒሉ ዝርከብ ኪዳን ወገን ዝተወስደ ስጉምቲ ብምድጋፍን ምክልኻልን ተጻሒፎም እዮም። ገለ ካብቶም ጽሑፋት ቅንዕና ዝዓሰሎ ገምጋም ከቕርቡ እንከለዉ ገለ ግን ውድዓዊ ትሕዝቶ ኣይነበሮምን። ጸብጻብ ጋዜጠኛ ዓብዱረዛቕ ነቲ ኣብ ውሽጢ ኪዳን ዝተኸስተ ናይ ምፍንጫል ተረኽቦ ብንጹር ንምርኣይ ሓጋዚ ነይሩ።

ጋንታ ንሓርነት በዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ኣቢላ ነዘን ዝስዕባ ነጥብታት ከተማሓላልፍ ክትፍትን እንሆ፡

1.ብዛዕባ ናይ ዴሞክራስያዊ ኣገባባዊ ስርዓት ዘሎ ድንግርግርን ብግቡእ ዘይምርዳእን ነዚ ናይ ኪዳን ዝኣመሰለ ምሕዝነታት ዘለዎ ዝምድናን ምብራህ።

2. ነቲ ብኣቦ መንበርና ብቋንቋ እንግሊዘኛ ምስ ዘ ሪፖርተር ዝተባህለ ናይ ዜናዊ ጋዜጣ ዝገበሮ ቃለ መሓትት ጉጉይ ኣናብባ ምእራምን ምብራህን።

3. ነቲ ክልተ ወገናት (ብሎካት) ናይ ኪዳን ክሳዕቲ ዝተኻእለ ደረጃን መጠንን ብሓንሳእ ክሰርሑን ክተሓባበሩን ፣ ኣብ ክንዲ ነቲ ዝተረኽበ ቁስሊ ደጋጊምካ ኣብ ምጕዳእ ምንባር ናብቲ ናይ ለውጢ ናይ ምምጻእ ስራሕ ምብጋስን ምድሃብን ንጽውዕ።

እምበኣር ነዚ መብርሂታት እዚ ምእንቲ ክጥዕመናን ካብ ምድንጋር ንምድሓንን ሓድ ሓደ ኣገደስቲ ቃላት ብምዕዛብ ወይ ብምምርማር ንጀምር፡

1. ዴሞክራሲ፡ ሓደ ካብቲ ኣብ መርበብ

ኢንተርነት ዝርከብ ዲክሽነሪ ዳት ካም ዝጥቀመሎም ናይ ኢንሳይክሎፐድያ መዝገበ ቃላት ብዙሓት ትርጉማትን ታሪኻዊ ምዕብልናታዊ ታሪኽን የቕርብ እዩ። እንተ ኾነ ግን እቲ ሕጽር ዝበለን ምስዚ ናይ ሕጂ ኩነታትና ዝዛመድን መሪጽና ክንመያየጥ ዝሓሸ እዩ ብማለት መሪጽና ኣሎና።

*ዲሞክራሲ፡ ( ናይ ህዝቢ ሕጊ) ኣብ ጥንታዊት ዓዲ ግሪኽ ዝመበቆሉ ቃል ህዝቢ ኣብቲ ናይ መንግስቲ ዝኽደሉ ወገንን ንጥፈታትን ናይ ምምራሕ ግደ ዝጻወትሉ ብመንጽር ናይቲ መንግስታት ብዝተወሰነ ደርቢ ወይ ፍሉይ ወገንን (ጉጅለ) ወይ እውን ክኢላታት መራሕቲ (ኣውቶክራት) ክርአ እንክሎ ዘሎዎም ማለት እዩ። እዚ ትርጉም ናይ ዲሞክራሲዚ ግን ንናይ ህዝቢ መሰልን ተኽእሎ ወይ ብቐጥታ ወይ ብውካይሎም ኣቢሎም ነቲ ኣብያተ ትካላት (ኢንስቲቱሽንስ) ንጉዳዮም ዘቆጻጽርሉ እዩ ብማለት ሰፊሑ ኣሎ። እዚ ፍልስፍና እዚ ንናይ ውልቀሰባት ማዕርነትን ዝለዓለ ዋጋ ወይ ክብደት ብምሃብ ንህዝቢ ብዘይ ገትኢ ወይ ገደብ ነጻነት ዝህብ እዩ። እቲ ዘድሊ ግድብታት ወይ መሕጸረታት በቲ ፍቓድ ወይ ድምጺ ናይቲ ዝበዝሐ ክውሰንን ነቲ ናይ ማዕርነት መትከል ከኽብርን ይጠልብ። ናይ ባህርያዊ ሕግታት እምነታት ናብ ናይ ኩሎም ኣህዛብ ዝተወሰኑ መሰላት ናይ ነብሰ ዕቀባ ካብኣቶም ክውሰድ እይከኣልን ዝብል ፍልስፍና ማዕቢሉ ይርከብ። ዲሳዊ እምንቶ ዘሎዎም ሸንኻት እዚ ናይ ፖለቲካ ማዕርነት እኹል ከም ዘይኮነ ብምሕባር ወይ ብማለት ብናይ ቁጠባዊ ማዕርነትን ብህዝባዊ ዋንነት ቀንዲ ወይ ዓበይቲ ናውቲ ማእቶት ብምስናይ እዩ ሓቀኛ ፖለቲካዊ ዴሞክራሲ ክረጋገጽ ወይ ክህነጽ ዝኽእል ይብሉ።*

*ሓደ ካብቲ ልሙድ ዝኾነ ትርጉም ተጠቂሱ ዘሎ ዴሞክራሲ ካብ ክልተ ናይ ግሪኽ ቃላት፡ ዲሞስ = ህዝቢን ክራስያ = ስልጣን ውይ ግዝኣት ወይ ከኣ ምምሕዳር ወይ ግዝኣት ብህዝቢ ብማለት ብመንጽር ሞናርኪ ወይ ከኣ ምልካዊ ይሪኦ። ብዛዕባ ናይዚ ዘመን ዚ ህዝቢ እናበዝሐን ወይ መንግስታት እናዓበያን ኣብ ዝኸዱሉ ዘለዋ ካብ ናይ ቀጥታዊ ዴሞክራሲ ናብ ናይ ውክልናዊ ኣገባብ ዛዝዩ ከምዘሎ ይገልጽ። ህዝቢ ፋሕ ኢሎም ስለዝነብሩን ስለዝበዝሑን ኣብ ኣኼባታት ወይ ዋዕላታት ክርከቡ ስለዘጸግም እቲ ናይ ውሳኔ ናይ ምሕላፍ ሓላፍነት ናብ ዝተወሰኑ ንኣሽቱ ጉጅለታት ወክልቲ ተረኪቡ ወይ ተመሓላሊፉ ይርከብ። ስለዝኾነ ምርጫታት ካብ ዝተፈላዩ ኣተሓሳስባን ፍልስፍናታት ዘለዎም ኣካላትን ናይ ሰልፊ መደብ ዕዮታትን ንናይ ዴሞክራሲ መሰርሕ ኣገዳሲ ኮይኑ ይርከብ። ምእንቲ ንመራሕቶም ወይ ኣማሓደርቶም ምቊጽጻር ተወሳኺ ኣገዳሲ ኩነት ሕጋዊ ማዕርነት ዜጋታትን ናይ ሓበሬታ ነጻ ናብ ዜጋታት ናይ ምውሓዝን እዮም።*

ካብዚ ንባብዚ ኣንበብትና እቲ ዝተጠቕሰ ናይ ዴሞክራሲ ትርጉም ንህዝቢ ከም ውልቀ ዜጋታት ማዕረ ድምጽን መሰልን ከምዝህቦም ባዕላቶም ክመዝኑን ክርድኡን ይኽእሉ እዮም። ገለ ሸንኻት ነዚ ማዕርነት ናይ ዜጋታት ድምጺ ናብ ናይ ኤርትራ ተቓውሞ ደምበ ዝርከባ ውድባት ማዕርነት ብጥቃም (ብምጥዋይ) ነቲ ተረኺቦታት ምድንጋራት ከእትውሉ ፈቲኖም እዮም። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ተመልኪቱ ዘሎ እቶም ህዝቢ ወይ ዜጋታት ኩሉ ግዜ ኣብ ዋዕላ ወይ ኣኼባ ክርከቡ ስለዘይክእሉ ብወከልቲ ኣቢሎም ክሰርሑ ግድነት ይኾኖም። እቲ ማዕርነት ናይ ዜጋታት ኣብቲ ዋዕላታት ወይ ኣኼባታት ብመጠናዊ ወይ ዝምድናዊ ውክልና ብምጥቃም ይሕሎ። ብኻልእ ኣዘራርባ ዝበዝሑ ዜጋታት ዝበዝሑ ወከልቲ ብምስዳድ ወይ እውን ዝለዓለ ሚዛን ድምጺ ብምርካብ ማዕረነቶም ይሕለወሎም።

እምበኣር ሓደ ሕያዋይ ወይ ተዓዛብይ ከመይ ኢሉ እዩ ኩለን እዘን ኣብ ኪዳን ዝተወከላ ውድባት ኩለን ማዕረ ድየን ብማዕረ ዝተወከላ? ዝብል ሕቶ ክሓትት ባህርያዊ ይኸውን። ማዕረ እንተዘይኮይነን ስለምንታይ ብማዕረ ወክልቲን ድምጽን ይወካላ? ጋንታ ንሓርነት እዚ ማዕረ ኣወኻኽላን ድምጺ ኣሰላልዓን ኣብ ናይ ኪዳን መሰረታዊ ረቛሒ ናይ ዴሞክራሲ ሕጊ ከምዝጥሓሰ ንመዝን። ንኣብነት ሓንቲ ሓደ ሽሕ ዝኾኑ ኣባላት ዘለውዋ ውድብ ምስ ካልእ 50 ጥራሕ ዝኣባላታ ውድብ ማዕረ ድምጺ ይወሃባ ንበል። መሰል ናይቶም ኣባላት

ናይታ ዝዓበየት ውድብ ነቲ ናይ መጠናዊ ውክልና ኣገባብ ብዘይምጥቃም ሰንኪ ከምዝተጋህሰ ብሩህ ከም ጸሓይ ቀትሪ እዩ። እቲ መሰረታዊ ጉድለት ፍትሒ ናይዚ ውድባት ማዕረ ውክልና ኣገባብ ቁልጭ ኢሉ ዝተራእየሉ እተን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ዘቖማ ሰለስተ ውድባት በብንጽለን እንተዝጸንሓ 6 ክውክላ እንዳኸኣላ እንከለዋ ኣብ ሓደ ውድብ ብምጥርናፈን ብክልተ ጥራሕ ስለዝተወከላ እዩ። ብመሰረቱ ጉባኤ ኪዳን ዝተገብረሉ ቀንዲ ምኽንያት ቻርተሩ ንምምሕያሽን መጠናዊ ውክልና ምትእትታውን ነቲ ዝተመሓየሸ ቻርተር እትመርሕ ብቕዓት ዘለዋን ንኪዳን ብሓዱሽ ኣገባብ እተንጥፍን መሪሕነት ንምምራጽን እዩ ነይሩ። እንተኾነ ግን ንኩለን ይዕበያ ይንኣሳ ውድባት ብማዕረ ይወካላ ዝብል ዘይፍትሓዊ ኣወኻኽላ ክሳዕ ኣብ ዝመጽእ ናይ ኪዳን ጉባኤ ፍትሓውን ማዕረነታውን ኣውኻኽላ ዝትግበር ብሕድገታዊ ስምምዕ ከምዝወጸ ኩልና ንፈልጦ ሓቂ እዩ።

ኣብዚ ንኣንበብትና ከነዘኻኽሮም እንደሊ ጉዳይ ኣብ ሕገ ስርዓት ወይ ትርጉም ናይ ዴሞክራሲ ናይ ሰልፍታት (ፓርቲታት) ማዕርነት ከምዘየሎ እዩ። ብዙሓት ካባኻትኩም ኣብ ዲሞክራስያዊ ኣገባብ ምሕደራ ዝኸተላ ሃገራት ከም እትቕመጡ መጠን ኣብቲ ፓርሊያመንት ናይ ብዝሒ ውክልና ወይ ውን መሪሐን ዘይፈልጣ ሰልፍታት ወይ ፓርቲታትን ከምዘለዋ ባዕልኻትኩም ትፈልጥዎ ሓቂ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ዝበዝሐ ኣባላት ወይ ውን ሰዓብቲ ስለዘይብለን እዩ። እቲ ማዕርነት ናይ ውድባት ወይ ሰልፈታት ዝረጋገጽ ወይ ዝሕሎ ማዕረ መሰል ናይ ምውዳብን ምእንቲ ዝበዝሐ ድምጺ ክረኽቡን ኣባላት ናይ ንምብዛሕ ምንቅስቓስን ጥራሕ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኪዳን ንኹለን ይዕበያ ይንኣሳ ውድባት ማዕረ ውክልናን ድምጺን ምስ ሃበ እቲ ናይ ተራ ብዝሒ ድምጺ ንጎድኒ ገዲፉ ወይ ብስምምዕ ወይ እውን ጥቓ ምልኣተ ስምምዕ ዝኾነ ኣገባብ ኣሰራርሓ ክጠቀም ከምዝወሰነ ርኡይ እዩ።

2. ምሕዝነት፥- ሓደ ኢንሳይክሎፐድያን ገለ ካልኦት ኣብ ዲክሽነሪ ዳት ካም ዝርከቡ መዝገበ ቃላትን ብኸምዚ ዝስዕብ ይገልጽዎ፡

- *ምሕዝነት ኣብ ምንንን ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ሰልፊታት (ሽንኻት) ናይ ሓባር ጠቕሚ ወይ ድሌት ንምዕቃብን ናይ ሓባር ዕላማ ንምዕዋትን ወይ ንምስፋሕን ዝግበር ስምምዕ እዩ።*
- *ኣብ መንን ሃገራትን ወይ ካልእ ኣካላትን ናይ ሓባር ጠቕሚ ወይ ጉዳይ ንምቕዳም ወይ ክሰጉሙ ዝግበር ናይ ቀረባ ምትሕብባርን ምትእስሳርን እዩ።*

*ኣብ መንን ሃገራት ወይ ሽንኻት ንሓደ ዝተወሰነ ዕላማ ንምዕዋት ዝግበር ዕላዊ ማሕበር ወይ ልፍንቲ እዩ።*

ጋንታ ንሓርነት ንኣንበብታ ባዕላቶም ኣብ ዲክሽነሪ ዳት ካም መርበብ ብምእታው ከረጋግጹ ደጊማ ትጽውዕ። ከምቲ ትርጉሙ ዝሕብሮ ምሕዝነት ብድሌት ናይቶም ነቲ ማሕበር ወይ ልፍንቲ ዘቖሙ ኣባላት ስምምዕ እዩ ዝቐውም። ብናይ ኪዳን ጉዳይ ንዝምልከት ብፍላይ እንተ ረኣና ኸኣ እቲ ቅድሚ እቲ ወከልቲ ናይቲ ማእከላይ መሪሕነት ኣኼባ ዝተኻየደ ጉባኤ ዝጸደቐ ቻርተር ከም ዕላዊ ስምምዕ መጠን ንዝፍጠር ዘይምርድዳእ ወይ እውን ዘይምስምማዕ ወይ እውን ኩሎም ወከልቲ ኣብ ስምምዕ ምስ ዘይበጽሑ ሕጋዊ መፍትሒ (መምርሒ) ይኸውን። ኣብቲ ጉባኣኤ ዝጸደቐ ኪዳን ኣገደስቲ ውሳኔታት ብናይ ሓባር ስምምዕ ክውሰኑ ምስ ዘይከኣል ማለት'ዩ ¾ ወይ 75% ድምጺ ይጸድቕ እዩ ዝብል። እተን ክልተ ዓበይቲን ኣገድስቲን ውሳኔታት ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ናይ መሪሕነታዊ ወክልቲ ኣኼባ ኸኣ ፖሊሲታት ምጽዳቕን ፈጻሚ ኣካል ምምራጽን እየን። እቲ ዝለዓለ ቦታ ናይ ፈጻሚ ኣካል ኸኣ ኣቦ መንበር ምዃኑ ንማንም ብሩህ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ¾ ድምጺ ከድልዮ ግድን ይኸውን።

3. ብሎክ፡- እቲ መሰረታዊ ትርጉም ናይዚ ቃልዚ ንምርዳእ እንደገና ነቲ መርበብ ዲክሽነሪ ዶት ኮም ንውከስ ። እዚ ኸኣ ገለ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ዘለዉ ሽንኻትን ኣካላትን ብጌጋ ክጥቀምሉ ስለዝተዓዘብና እዩ።

- *ናይ ሃገራት ሰልፍታት ወይ ውልቀ ሰባት*

*ንናይ ሓባር መርገጽ ወይ ተግባር ምሕባር ወይ ምስማር። ንኣብነት ናይ ዴሳዊ ብሎክ።*

- *ጉጅለ ናይ ውልቀሰባት ኣብያተ ስራሕቲ ...ወ.ዘ.ተ. ንዝተወሰነ ዕላማ ምሕባር ወይ ምትእስሳር።*
- *ጉጅለ ናይ ሓገግቲ ውልቀሰባት መብዝሕትኡ ግዜ ካብ ክልቲኡ ዓበይቲ ሰልፊታት ንዝተወሰነ ጠቕሚ ወይ ዘገድሶም ጉዳይ ብሓንሳእ ድምጺ ዝሀቡ። ንኣብነት ናይ ሕርሻ ብሎክ።*

*ናይ ሓባር ጠቕሚ ዘለዎም ሃገራት ኣብ ዓለም ለኻዊ መድረኽ ብሓደ መርገጽ ስጉምቲ ዝወሰዱ። ንኣብነት ናይ ሶቭየት ብሎክ።*

ብዙሓት ጸሓፍቲ ነዚን ክልተ ኣካላት ናይ ኪዳን ብሎክ ብማለት ዝጠቕስውን ምኽንያት ነፍሲ ወከፍ ወገን ኣብቲ ዝተረኽበ ኣጀንዳ ነናይ ወገኖም መርገጽ ስለዝወሰዱ እዩ። እዚ ማለት ግን እተን ብሎክ ዘቑማ ውድባት ሓደ ውድብ ኮይነን ወይ እውን ብዝኾነ መልክዕ ከም ዝሰመራ ኣየስምዕን እዩ። እንተኾነ ግን ኣብቲ ናይ ኪዳን ኣኼባ ነፍሲ ወከፍ ብሎክ ሓደ መርገጽ ወይ ርእይቶ ከም ዝነበሮ እዩ ዘርኢ። ከምኡ ውን ናይ ሓባር ፕሮግራማዊ ዕላማ ኣለወን።

ነዞም ከደናግሩ ወይ ብጌጋ ክንጥቀመሎም ዝኽእሉ ቃላት ልሙድ ትርጉሞም ድሕሪ ምርኣይና ናብቲ ቀንዲ ኣርእስትና ንመለስ።

ብዛዕባ ናይ ዴሞክራስያዊ ስነስርዓታዊ ኣገባብ ዘሎ ዘይምርዳእን ንከም ኪዳን ዝኣመሰለ ምሕዝነት ብኸመይ ከምዝምልከቶን፡ ከምቲ ኣቐዲምና ዝረኣናዮ ናይ መዝገበ ቃላት ትርጉም ኣባልነት ኣብ ኪዳን ድሌታዊ ኮይኒ ኣብ ውሽጣዊ ቅዋም ከም ቻርተር ናይ ኪዳን ዝምርኮስ እዩ። ስለዝኾነ ኸኣ ኣገደስቲ ወይ ዓበይቲ ውሳኔታት ወይ ኣብ ምልኣተ ስምምዕ ወይ እውን ወሳኒ ብዝሒ ከም ¾ ዝኣመሰለ ዝምርኮስ ይኸውን። ኪዳን ዓበይቲ ውሳኔታት ብ¾ ድምጺ ይውሰን ዝብል ሕጊ ኣብ ቻርተሩ ወይ ቅዋሙ ኣጽዲቑ ምጽንሑ ለባም ስጉምቲ እዩ ነይሩ። እተን ርኡያት ኣገደስቲ ወይ ዓበይቲ ውሳኔታት ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ መሪሕነታዊ ወከልቲ ኣኺባ ዝውሰና ፖሊሲታት ምጽዳቕን ነቲ ዝተሓንጸጸ ቻርተርን ዝጸደቐ ቅዋምን እትትርጉም ፈጻሚ ኣካል ምምራጽን እየን። እቶም ገለ ኣካላት ተራ ብዝሒ ድምጺ ናይ ዴሞክራሲያዊ መትከላዊ ሕጊ ክጥቀሙ ነይርዎም ዝብሉ ሓቅነት ዘለዎን ምስቲ ናይቲ ኩነታት ሓቅታት ዝምድና ዘይብሉ ኣረኣእያ እዩ። ኣብ ውሽጢ ሓደ ውድብ ወይ ሰልፊ እውን እንተኾነ ገለ ኣገደስቲ ዝባሃሉ ውሳኔታት ኣብ ክንዲ ብተራ ብዝሒ ድምጺ ብ 2/3 ወይ ¾ ድምጺ ንኽጸድቑ ኣብ ውሽጢቲ ቅዋም ናይታ ውድብ ወይ ሰልፊ ዝሰፍሩ ኣለዉ። ኪዳን ኣብ ክንዲ መጠናዊ ውክልና ንኹሎም ውድባት ዕብየቶምን ብዝሒ ኣባላቶምን ብዘየገድስ ብማዕረ ክትውክሎም ምስ ወሰነት ኣብ ክንዲ ብዝሒ ድምጺ ኣብ ስምምዕ ብምምርኳስ ክትሰርሕ እያ መሪጻ እዩ ዘስምዕ። ኣባላት ናይተን ዓበይቲ ውድባት ኣቲ ኣብ መግለጺ ዴሞክራሲ ዝተራእየ ትርጉም መሰሎም ከም ዝተጋህሰ ዕቃቤኦም ምግላጸም ኣይምተረፎምን። ነቲ ኩነታት ከም ዝቕበልዎ ዝሕግዝ እቲ ኪዳን ኣብ ምልኣተ ስምምዕ ወይ እውን ወሳኒ ብዝሒ ድምጺ ብምምርኳስ ስለዝሰርሕ እዩ።

***መልሲ ነቲ ብኣቦ መንበር ውድብና ኣብቲ ምስ ሪፖርተር ዝተባህለ***

**ማዕከን ዝተገብረ ቃለ መሕትት ዝሃቦ መግለጺ ግጉይ ኣናብባ ወይ ኣተረጓጉማ፡ ኣብቲ ብዶክቶር የውሃንስ ዘርኣማርያም ዝተመርሐ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ጨንፈር ዋሽንግቶን ዲሲ ኣኼባ ዝወጸ መግለጺ እዚ ዝስዕብ ሰፊሩ፡ ናይ ኤርትራዊ *ተቓውሞ ደንበ ቀንዲ ሓይሊ ምዃን ምሕላን ( ከምቲ መራሒ ናይ ሓንቲ ካብተን ውድባት ምስ ናይ ኢትዮጵያ ሪፖርተር ዝተባህለ ጋዜጣ ዝሃቦ ቃል) ነቲ ታሪኻዊ ኣመዓባብላ ናይ ተቓውሞ ውድባት ኣብ ርእሲ ዘይምንጽብራቑ ንናይ ውድባት ምትሕግጋዝ ወይ ምትሕብባር ናይ ኩሎም ሓይልታትን ንናይ ዲሞክራሲ ተሞክሮናን ሓጋዚ ኣይኮነን። ብመንጽሩ ናይ ሕድሕድ ምክብባርን ናይ ነፍሲ ወከፍን ናይ ኩሎምን ውድባት ብማዕርነት ተቐባልነትን ንናይ ሓባር መድረኽ ናይ ምቛምን ነቲ ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ ናይ ኩሎም ጉጅለታትን ናይ ተቓውሞ ውድባትን ምንጽብራቕን***

*ምፍትሕ (ቀንዲ ረቛሒ) እዩ።*

ካብ መበገሲኡ እቲ ብኣቦ መንበር ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ - ሰውራዊ ባይቶ ብጻይ ወልደእየሱስ ዓማር ምስ ማዕከን ሪፖርተር ዝተገብረ ቃለ መሓትት ኩሉ ሰብ ንኽሪኦ ብማለት ኣብ መርበብ ንሓርነት ብዕሊ ዘርጊሕናዮ ንርከብ (ዋላኳ ኣቲ ብቲፕ ዝተቀድሐ ብጽቡቕ ዘይተኣረመን ክስምዑ ዘይከኣሉ ቃላት ዝጎድሉዎን እንተኾነ)። ስለዚ መን ምኻኑ ነቲ ቃል ዝሃቦ ስዉር ኣይኮነን።

እንተ'ቲ ቀንዲ ወይ ዓብላሊ ሓይሊ ናይ ኤርትራዊ ተቓውሞ ደንበ ንምኻን ናይ ምሕላን ጉዳይ ብዝምልከት ግን ብዝኾነ ሰብ ከም ሓደ በርቂ ወይ ሓዱሽ ነገር ዝውሰድ ጉዳይ ኣይኮነን። ነፍሲ ወከፍ ናይ ፖሊቲካ ውድብ ወይ ሰልፊ ክዓብን በቲ ዝበዝሐ ክፍልታት ህዝቡ ተቐባልነት ክረክብ ክሕልንን ክጽዕርን ባህርያዊ እዩ እቲ ውድብ ንብዙሕ ህዝቢ ዘየዕግብን ክስሕብ ዝኽእልን ዕላማን ራኢን ዘይብሉ እንተዘይኮይኑ። ውድብና ዴሞክራስያዊ መትከላት ክሳዕ ዝሃለዎን ነቲ ዴሞክራስያዊ መትከላት ኣብ ግብሪ ክሳዕ ዘውዓሎን ዝተቐየደሉን ንዝተፈላለዩ ኣካላት ህዝብና ብምዕጋብን ኣብ ጎድኑ ብምጽጋዕን ኣገዳሲ ሓይሊ ንምኻን ምሕላኑ ብጊጋ ክርአ ዝግብኦ ጉዳይ ኣይኮነን። ብዝኾነ ድሮ ኣገዳሲ ውድብ ምኻኑ ኢና እንኣምን። እንተ ኾነ ውድብና ተ.ሓ.ኤ. - ሰ.ባ. ንተ.ሓ.ኤ.ን ንኻልኦት ሓይልታትን ብምዕዳም ነቲ ኪዳን ክመርሕ ዝኽእል ሓይሊ ብምቛም ንሃገርና ካብ ምልኪ ናብ ዴሞክራሲ ክንቅይሮ ምጽዋዕና ኣብ መዝገብ ዝሰፈረ ጉዳይ እዩ። ኣብዚ ከይተጠቕሰ ክሓልፍ ዘይብሉ ኣገዳሲ ጉዳይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ - ሰውራዊ ባይቶ ኩሉ ግዜ ምስ ካብኣ ኣዝየን ዝንእሳ ገሊኤን እውን ስም ጥራሕ ዝሓዛ ብማዕረ ውክልና ብስምምዕ ክትሰርሕ ምጽናሓ ዘሎ ሓቂ እዩ። ብዝኾነ እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ዓማር ዝተዛረቦ ቃል ኣንበብቲ ባዕላቶም ንኽመዝኑ እንሆ ነቕርቦ፡

*ገለ ዘለዎ ውይ ዝህብ ጉዳይ ኣለዎ'ዶ? (ናይ ጋዜጠኛ ሕቶ)*

*እወ ተስፋ ኣለዎ። ምኽንያቱ ኸኣ እቶም ተመሳሳሊ መደብ ዕዮ ዘለዎም ሓይልታት ብዝያዳ እንዳተቐራረቡ ይኸዱ ብምህላዎም እዩ።*

*ንኣብነት ኣብ ኢትዮጵያ ምሕዝነት ነይርኩም ነቲ ምሕዝነት ዝመርሕን ዘውግንን ሓይሊ የድልዮ ነይሩ ማለት ህዝባዊ ወያኒ ሓርነት ትግራይ። ፍልስጤማውያን ፋታሕ ኣብ ውሽጢ ውድብ ሓርነት ፍልስጤም ኮይኑ ዝመርሕ ሓይሊ ኣብቲ ምሉእ መዋእል ቃልሶም ነይሮም። ንሕና ግን ወያኔ ሓርነት ትግራይ ይኹን ፋታሕ ኣይጸንሓናን። ሕጂ ግን ከነቕሞ ጀሚርና ኣሎና።*

እቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐሶ ነቲ ካብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነትን ናይ ኤርትራ ሰልፊ ዴሞክራሲን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ - ሰውራዊ ባይቶን ዝቖመ ሃገራዊ ዴሞክራስያዊ ብሎክ እዩ። ኣብ መንጎ ውድባት ናይ ሕድሕድ ምክብባርን ምትሕግጋዝን ክህሉ የብሉን ዘስምዕ ቃል ኣየውጸኣን ወይ ውን መልእኽቲ ኣየማሓላለፈን። ኩለን ውድባት ማዕረ ናይ ምስራሕን ምስፋሕን ባይታ እዩ ክህልወን ዝግብኣ። ምኽንያቱ ድማ ብፖሊቲካውን ቊጠባውን መዳያት ኣብ ኣባላተን ክምርኮሳ ከም ዝግብአን ስለዝእመን። እቲ ኩለን ውድባት ዕብየተንን ብዝሒ ሰዓብተንን ጽልወአንን ብዘየግድስ ማዕረ እየን ዝብል መጎተ ዓቢ ጌጋ እዩ። ሓውና የውሃንስ ድማ ኣብዚ ጌጋ'ዚ እንተዘይዓልብ ምተመነና። እተን ሕጂ ግንባር ድሕነት ኤርትራ ኣቑመን ዘለዋ ሰለስተ ውድባት ካብ ናይ ሓደ ውድብ ድምጺ ንላዕሊ ክስላዓለን ምስ ሓተታ ውድብካ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ምቅዋሙስ ፍትሓዊ ዶ? ነቲ ማዕረ ባይታ ክህልወን ኣለዎ ዝብል ርእይቶኻ ይበቕዮዶ? ብመንጽሩ እንበኣር እዘን ናይ ኪዳን ውድባት መጠናዊ ውክልና ምስ ዝህልወን እዩ ብማዕረ ይራኣያን ካብ ማዕረ ባይታ ተበጊሰን ክንብል እንኽእል እምበር ማዕረ ውክልና ምሃብሲ ነተን ዓበይቲ ዓሚጽካ ነተን ንኣሽቱ ኣብ በሪኽ ኣቐሚጥካ ምርኣይ እዩ ዘስምዕ። ኢ.ርትራዊ ሰልፊ ዴሞክራሲን ግንባር ሃገራዊ ድሕነትን ሰውራዊ ባይቶን ስጡም ብሎክ ኣቑመን ናብ ስምረት እንተዝስጉማስ ነዚ ናይ ኤርትራ ተቓውሞ ደንበ ብፌተውራርነት ክመርሓኦ ዶ

ኣይምኽኣላን ወይ ኣይምበቕዓን? ብሚዛንና ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ዘለዎ ምልካዊ ዓዘቕቲ ንምውጻእ ካብ ማዕረነት ናይ ዝተፈናጨለ ንኣሽቱ ሓይልታት ክሕሉ ተወሳኺ ዓመታት ዘጥፍእስ ፍተውራሪ ኮይኑ ዝመርሖን ክም መተካእታ ናይቲ ምልካዊ ስርዓት ዝሪኦ ግዙፍ ሓይሊ ብቕጽበት ክፍጠር ይመርጽ ንብል። ውድብና ነዚ ንምትግባር ይሰርሕን ይጽዕርን።

እዘን ክልተ ብሎካት (ሸነኻት) ናይ ኪዳን ብሓባር ዝሰርሓሉ ኣገባብ ክፈጥራ ንጽውዕ፦

ብመጀመርታ ነቶም ብትዕግስትን ጽሞናን ከይሰልከዩ ብተብላሕነት ዝሰርሑ ኣባላት መሪሕነት ብጸትና ዝዓሞቐ ምስጋናና ነቕርብ። ንሳቶም ከኣ ዓማር፣መንግስትኣብ፣ደጊጋ፣ኣርታዓን ኣብ ጎኖም ኮይኑ ምኽሩ ዝለገሰ መሓመድ ዓሊን ኣብቲ ጉባኤ ኪዳንን ብድሕሪኡ ዝነበረ ግዜ ዘርኣይዎ ጽዓት እዩ። ነቶም ናይ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ሰልፊ ዴሞክራሲ ኤርትራትን መሪሕነታዊ ወከልቲ ኸኣ ኣድናቖትና ንገልጽ። ንሱ ኸኣ ብዘይ ምስልካይን ብተባላሓነትን ምስረሖምን ብተዓጻጻፍነት ዝተፈላለዩ ፍትሓት ብምቕራቦምን እዩ። ዋላኳ እቲ ዘቕረብዎ ለባም ፍትሓት ብዘይ ለባም ኣረኣእያ እንተተነጸገ።

ወከልቲ ናይ ብሎክና ሕጂ እውን እንተኾነ እዘን ክልተ ሸነኻት (ብሎካት) ብዝተኻእለ መጠን ነንሕድሕደን ዝወኻኸሳሉን ክሳዕ ዝተኻእለ ደረጃ ብሓንሳእ ዝሰርሓሉን ዝኽእላ መራኸቢ መስኖ ክፈጥራ ሓሳብ ኣቕሪቦም እዮም። ነንሓድሕድ ካብ ጸለማውን ክሳውን ምምልላስ ከድሕን ዘኽእል ኣብ ሃገር ተንከፍ ዝኾኑ ነገራት ብሓባር ክሰርሓ ከምዝኽእላ ንህዝብና ዘርእያሉ ዕድል ዝህብን ሓሳብ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኣዎንታዊ መልሲ ይግብኦ ንብል።

መደምደምታ፦ ነቲ ምስምዑ ዘየሐጉስ ናይ ምፍንጫል ሙዚቃ ደጋጊምካ ምጽዋትን ነቲ ነፍሲ ወከፍ ወገን ዝወሰዶ ስጉምቲ ርትዓዊ ጌርካ ንምቕራብ ዝግበር ምክልኻልን ነቲ ተረኽቦ ኣይቅይሮን እዩ። ኣብቲ ሓንሳእ ዝኾነ ተረኽቦ ብምትኳር ክርከብ ዝኽእል ንመጻኢ ዝጠቅም መኽሰብ ወይ እውን ፍታሕ የለን። ነቲ ተረኽቦ ከምቲ ዘለዎ ኩናታቱ ተቐቢልካ ንመጻኢ ምጥማትን ምስጓምን ዝሓሸ ውጻኢት ከምጽእ ይኽእል ኢልና ንኣምን። ውድብና ኣብ ኩሉ መዳያዊ ንጥፈታቱ ተዋፊሩ ስርሑ ይቕጽል እነሆ። ኩለን ውድባት ድማ ኣብ ተግባራዊ ስራሕ ብምውፋር ንለውጢ ክሰርሓ ንጽውዕ። ዲሞክራስያዊ ለውጢ ብተግባራዊ ስራሕ እዩ ክምዝገብ ዝኽእል። እቶም ኣብ ውድባት ዘይተስርዑ ኣካላት ኸኣ እቲ ተረኽቦ ዘሕዝን እኳ እንተኾነ ከም ናይ መወዳእታ ዓለም ወይ ቀቢጸ ተስፋ ገይሮም ካብ ምቕራብ ክቑጠቡ ዝሓሸ እዩ ንብል። ናብቲ ዝመረጽዎ ውድብ ወይ ብሎክ ብምምራጽ ዝከኣሎም ከበርክቱ ዝሓሸ ኮይኑ ይረኣየና። ብዝዕባቲ ተረኽቦ ብቐጻሊ ምቑዛም ግን ንሞራል ናይ ህዝብና ምውዳቕ እንተዘይኮይኑ ነቲ ንለውጢ ዝግበር ቃልሲ ምንም ሓገዝ የብሉን። ኣብቲ ዘቕርብዎ ሚዛንን ገምጋምን ኸኣ ካብ ንኹሉ ብማዕረ ግጉይ እዩ ካብ ምባል ውድዓውን ተባዕን ዝኾነ ትሕዝቶ ከቕርቡ ይግባእ። ከይንጽላእ ንኹሎም ብማዕረ ግጉያት ንበሎም ማለት ዝኾነ ጸገም ንምፍታሕ ዘይሕግዝ በለጽ ዝዓብለሎ ኣቀራርባን ኣመላኻኽታን ስለዝኾነ ክውግድዎ ይግባኦም። እቶም ኪዳን ዋላ ሓንቲ ኣይሰርሓን ኣየፍረየን ምምሕያሽ የድልዮ ኣሎ ዝብሉ ዝነበሩ ባእታታት ሕጂ ተመሊሶም ንመራሕትና ነቲ ዘይንጥፈትን ዘይምፍራይን ሓላፍነት ዝስከም መራሒ እንደገና ዘይተቐበልኩሞ ኢሎም ክነቕፍዎም ኣይግበኦምን እዩ። ኪዳን ንኢሳያስ ንምልጋስ ብሓባር ንምስራሕ ተባሂሉ ዝተመርጸ መቃለሲ መንገዲ እዩ ነይሩ። ሕጂ እውን እንተኾነ እዘን ክልተ ብሎካት (ወገናት ኪዳን) ኣብ ክንዲ ምጥቕቓዕ ብዝተኻእለ ብሓበር ምስራሕን ምትሕብባርን ምስ ዝመርጻ እቲ ዕላማ ሸቶኡ ክወቅዕ ይኽእል እዩ። ለውጢ ክመጽእ ዝኽእል ንኹሉ ሓይልታትና ናብ ናይ ኢሳያስ ህግደፍ ብምቕናዕን ብከቢድ ስራሕን ጻዕርን እዩ።

# ዜናዊ ጸብጻብ

## ውድባዊ ንጥፈታት

**1. ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶን ኤርትራዊ ህዝባዊ ጉባኤን (ኢ.ስላሕ)**
**ብዛዕባ ጉዳያት ኪዳን ካዕባዊ ዝርርብ ኣካይዶም**

ናይ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶን ኤርትራዊ ህዝባዊ ጉባኤን (ኤ.ህ.ጉ) ላዕለዎት ልኡኻት፡ ብመጋቢት 26 መጋቢት 2007 ኣብ ካርቱም ካእባዊ ዝርርብ ብምኽያድ ናይ ካልኣይ ጉባኣኣ ኪዳን ውጽኢት መዚኖም።

ብተበግሶ ኤ.ህ.ጉ. (ብኤርትራዊ እስላማዊ ናይ ኢ.ስላሕ ምንቅስቓስ እውን ዝፍለጥ ውድብ) ዝተዓደመ ኣብ ቤት ጽሕፈቶም ድማ ዝተኻየደ ርኽክብ፡ ብሸነኽ ኢ.ስላሕ ኣደም እስማዒል (ኣቡ ሓርስ)፡ ሓላፊ ምጣኔ ሃብታዊን ፊናንሳዊን ጉዳያት፣ ዓሊ መሃመድ ስዒድ ናይ ዜና ሓላፊ፣ ዓብዱራሕማን ዑስማን (ኣቡ በድር)፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ካርቱም ዝተሳተፍዎ ክኸውን እንከሎ፤ ብሸነኽ ተ.ሓኣኤ ሰውራዊ ባይቶ ድማ፡ ወልደሱስ ዓማር ኣቦ መንበር ውድብ፣ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊ.ጋ) ምኽትል ኣቦ መንበር፣ ጅምዕ ኣሕመድ ሓላፊ ሕረተሰባዊ ጉዳያት ቤ.ጽን. መሓመድ ኣደም ኣርትዓ ሓላፊ ቤ.ጽ. ጉዳያት መናሰይን ደቂ ኣንስትዮን ተሳቲፎም ነበሩ።

ክልቲኦም ወገናት ንጉባኤ ኪዳን ኣብ ምምዛን፡ ነቲ ዘከራኽር ዝነበረ ዓንቀጻት ናይ ቻርተር ማእከላዊ ፍታሓት ብምንዳይ ክፈትሕዎ ምኽኣሎም ዝምድናዊ ዓወት ከም ዘረጋግጹ ተሰማምዑ። ብዛዕባ ጠንቂ ናይ'ቲ ድሒሩ ዝተጋህደ ቅልውላው ድማ፡ ክልቲኦም ሸነኻት ዝተፈላለዩ ተገንዝቦ ነበሮም። ይኹን'ምበር እቲ መሪር ሓቂ ናይ ኪዳን ማእከላይ ባይቶ መሪሕነት ካብ ምምራጽ ከም ዝፈሸለ ተሰማምዑ።

ተ.ሓ.ኤ-ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ዘቕረቦ፡ ጉባኤ ኪዳን ክግበር እንከሎ ብመሰረቱ ንዓበይቲ ጉዳያት፣ እንከላይ ጉዳይ መጠናዊ ውክልና፣ ንኽፈትሕ እዩ ዝተገብረ። ግንከ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት እዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ ጉባኤ ምእንቲ ክፍታሕ ዝኾነ ይኹን ጻዕሪ ስለ ዘይገበረ፡ ከም ብሓድሽ ተንጠልጢሉ ከም ዝተርፍ ኮይኑ እዩ ብማለት ኣመልኪቱ።

ኤ.ህ.ጉ / ምንቅስቓስ ኢ.ስላሕ ድማ ብወገኖም፡ እቲ ኪዳን ናብ ክልተ ሸነኻት ምፍንጫሉ ናይ ዝኾነ ይኹን ረብሓ ከም ዘይኮነ፡ ክሳብ ብግብሪ ከም ክውን ዝርኤ ድማ ዝኾነ ኣባል ውድብ ይጽበዮ ከም ዘይነበረ ገለጹ።

ልኡኽ ተ.ሓ.ኤ-ሰውራዊ ባይቶ ነቲ ቻርተር ኣብ ምምሕያሽ ናይ ኢ.ስላሕ ምንቅስቓስ ዝተጻወትዎ ተራ ኣዕጋቢ ከም ዝነበረ ክገልጽ እንከሎ ንሳልሳይ ግዜ ሑሰን ኸሊፋ ኣቦ መንበር ንክኸውን ምንቅስቓስ ኢ.ስላሕ ግድን ክብል ከሎ ግን ከም ዘገረሞ ኣይሓብኤን። ተ.ሓ.ኤ-ሰ.ባ. ኣብ ልዕሊ ሑሰን ኸሊፋ ኮነ ኣሓት ውድባቱ፡ ዝኾነ ይኹን ሕማቕ ስምዒት ከም ዘይብሉ ኣረጋገጸ፡ ይኹን'ምበር ነቲ ኣብ ትሕቲ ሑሰን ንኽልተ ዓመት ዝኣክል፡ ዝምራሕ ዝነበረ ፈጻሚ ኣካል ዘቕረቦ፡ ጒደሎ ጸብጻብ ኣብ ኣኼባ ማእከላይ ባይቶ ድሕሪ ምርኣይ፡ ኩለን ውድባት ንሑሰን ከም ብሓድሽ ንኽመርሕ ኣብ ምሕጻይ ክደርቃ እዬን ዝብል ትጽቢት ከም ዘይነበሮ ገለጸ። ልኡኽ ተ.ሓ.ኤ-ሰ.ባ. እቲ ብናይ ሎሚ ብሎክ-1 ኣብ ኣኼባ ማኣከላይ ባይቶ ዝቐረበ ንድፊ ማእከላዊ ፍታሕ፡ ነቲ ኣብ ኪዳን ዝተረኽበ ምፍንጫል ከድሕን ዝኽእል ወድዓዊ ርእይቶ ከም ዝነበረ ገለጸ።

ምንቅስቓስ ኢ.ስላሕን ተ.ሓ.ኤ-ሰውራዊ ባይቶን ኣብ ህይወት ናይ ዝኾነ ምሕዝነት ኣገዳስነት ናይ ስምምዕ መሰረታዊ ምኺኑ

ኣስመሩሉ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፣ ኪዳን ኣብ ክልተ ሽነካት ተመቒሉ ኣብ ዝርከበሉ፣ ከኣ፡ ኣብ መንጎ ክለቲኡ ወገናት ኪዳን ኮነ ኣብ መንጎ ካልኦት ተቓወምቲ ውድባት፡ ንገዳይ ምውህሃድ ከቃልል ዝኽእል ኣገባብ ምንዳይ ከም ዘድሊ ተሰማምዑ።

2. ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ምስ ሰልፊ እስላማዊ ባይቶ ኤርትራ ካዕባዊ ዝርርብ ኣካይዱ

ኣባላት መሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ሰልፊ እስላማዊ ባይቶ ኤርትራን፡ ንዝምድና ክልቲኡ ውድባትን ህልዊ ምዕባለታትን ኣመልኪቶም፡ ብ28 መጋቢት 2007፡ ኣብ'ቲ ኣብ ካርቱም ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝርርብ ኣካይዶም።

ነዚ ርክብ ንምክያድ ተበግሶ ዝወሰደ ሰልፊ እስላማዊ ባይቶ ኤርትራ፡ ብሸኽ ሓሰን ሳልማን፡ ኣቦ መንበር ናይ'ዚ ኣብ ቀረባ እዋን እተመስረተ ሰልፊ ዝምራሕ ልኡኽ ኲይ`ኑ፡ ተጋ/ኣደም ኢማንን ተጋ/ስራጅ ሱሌማንን እተባህሉ ኣባላት መሪሕነት ዘጠቓለለ ነበረ። ብወገን ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ድማ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፤ ተስፉይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)፡ ምኽትል ኣቦ መንበር፤ ብጻይ ጅምዕ ኣሕመድ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሕብረተሰብኣዊ ጉዳያት ነበሩ።

ክልቲኦም ሸነኻት፡ ንኤርትራን ህዝባን ዘገድሱ ሓደስቲ ምዕባለታት ኣልዒሎም ተመያይጦምን፤ ኣብ መንገዖ'ቶም ንዲሞክራስን ለውጥን ዝቃለሱ ሓይልታት ቀጻሊ ልዝባት ምክያድ ኣድላዪነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ኣረጋጊጾምን። ክልቲኦም ሸነኻት፡ ነቲ ኣብ'ዚ ተሃዋሲ መድረኽ ናይ ለውጢ'ዚ፡ ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘጋጠመ ምፍንጫል ከም ከምዘሕዝኖም ገሊጾም።

ሰልፊ እስላማዊ ባይቶ ኤርትራ፡ እቲ ንነዊሕ እዋን እተሰርሓሉ፡ ብሓባራዊ ስምምዕ ወይ ድማ ጥቓ ሓባራዊ ስምምዕ ብዝኸውን ኣገባብ ውሳኔታት ናይ ምሕላፍ ሕግን ልምድን ክጠሓስ ኣይነበሮን ካብ ዝብል እምነት ተበጊሱ፡ ነዚ ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዘጋጠመ ምፍንጫል ምኽኑይ ኣይኰነን ዝብል መርገጽ'ዩ ዘለዎ። ሸኽ ሓሰን ሳልማን፡ ኣብ ተሓኤ እምነት ከምዘለዎን፤ "ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ኵሉ ግዜ፡ ብስም ኻልኦት ኣሓት ውድባት ዝዛረብን ዝሕለቕን ውድብ'ዩ" ክብል ገሊጽዎ። ከምኡ ውን፡ ነቲ 7 ዓመታት ዝዕድሚኡ ምሕዝነት ኣጋጢሙ ዘሎ ምፍንጫል ዝፍውስ ገለ ስልቲ ክርከብ ከምዝኽእል ዘለዎ ተስፋን እምነትን ገሊጹ።

ሸኽ ሓሰን ሳልማን፡ ኣብ'ቲ ብ23 መጋቢት 2007 እተኻየደ ጉባኤ ሰልፊ እስላማዊ ባይቶ ኤርትራ'ዩ ኣቦ መንበር ኰይኑ ተመሪጹ። ጉባኤ ሰልፊ እስላማዊ ባይቶ ኤርትራ፡ ሽሪዓ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ ኣድላዪነት ከምዘይብሉ ብምእማን፡ ካብ ቅዋማቱ ኣልጊስዎ ኣሎ።

ልኡኽ ሰልፊ እስላማዊ ባይቶ ኤርትራ፡ ዝተዋሃሃደ ናይ ተቓወምቲ ውድባት ቃልሲ ንምርግጋጽ ዝዓለመ፡ ተመሳሳሊ ርኽክባት ምስ ካልኦት ውድባት ከካይድ መደብ ከምዘለዎ ተፈሊጡ ኣሎ።

ሸኽ ሓሰን ሳልማን፡ ክሳዕ'ቲ ቅድሚ ዓመት ኣቢሉ ኣብ'ቲ ውድብ ዘጋጠመ ምፍንጫል፡ ምኽትል ኣቦ መንበር ናይ'ቲ ብኣቡ ስሄል ዝምራሕ እስላምዊ ናይ ምእራም ምንቅስቓስ (ሓረካት ኣል እስላሕ ኣልእስላሚ ኣልኤርትሪ) ምንባሩ ዝዝከር ኢዩ።

3. ርክብ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ሰልፊ ኣልናህዳን
ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ጋሽ ሰቲትን

ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ዝመርሖ ልኡኽ ውድብና፡ ብ31 መጋቢት 2007 ምስ ምኽትል ኣቦ መንበር ሰልፊ ኣልናህዳን፡ ተጋ/ ኣውልኼር ኢማም ዓብደላን፡ ካልኦት ኣባላት መሪሕነትን ወከልቲ ማሕበር መንእሰያትን ማሕበር ተመሃሮን ሰልፊ ኣልናህዳን ኣብ'ቲ ኣብ ካርቱም ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ናይ'ቲ ሰልፊ ርክብ ኣካይዱ።

እቲ ርክብ ብዛዕባ፡ ብዛዕባ ንደምበ ተቓውሞ

ዘገድሱ ሓደስቲ ምዕባለታት ብሓፈሻ፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ ምእንቲ ለውጥን ዲሞክራስን ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ብዝያዳ ኣዳማዒ ንምግባሩን ንምሕያሉን ክውሰዱ ዘለዎም ስጉምትታት ድማ ብፍላይ ዳህሲሱ።

ክልቲኦም ሽነኻት፡ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝተሳተፉ ወከልቶም ዝተጻወትዎ ግደ ኣድኒቖምን ኣመጕሶምን። እቲ ኣብ ኪዳን ዘጋጠመ ምፍንጫል ንረብሓ ናይ ተቓውሞ ዝሃሲ ምዃኑን፤ ንኹሎም ተቓወምቲ ሓይልታት ዘውሃህድ መካኒዝም ምፍጣር ድማ፡ ነቲ ማህሰይቲ ከቕልሎን ክሳዕ ሕጂ ነቲ ኪዳን ግዴኡ ክጻወት ዓንቂጽዎ ዝጸንሐ ድኽመታት ንምእራም ክሕግዝ ከምዝኽእል ውን ኣረጋጊጾም። ብፍላይ ኣብ'ቲ ርክብ ዝነበሩ ወከልቲ መንእሰያትን ተምሃሮን ዝኾኑ ኣባልት ሰልፊ ኣልናህዳ፡ መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባት፡ ሓባራዊ ኣኼባታትን ሓባራዊ ንጥፈታትን ኣብ ላዕለዎት ጽፍሕታት ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ታሕተዎት ጽፍሕታት ውን ክካየድ ዕዙዝ ኣድላዪነት ከምዘለዎ ኣመልኪቶም።

እቲ ርክብ፡ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ናይ ሕብረተ-ሰብና ኣብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎና ዘበርከትዎ ንኡድ ቃልስታት ብምዝካር፤ እዚ ሓድሽ ወለዶ ውን ናይ ኣቦታቱን ኣያታቱን ኣርኣያ ብምኽታል ግዲኡ ክጻወትን፡ ንዕምሪ ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብምሕጻር ለውጥን ዲሞክራስን ከረጋግጽ ከምዝኽእል ዘለዎ ተስፋታት ገሊጹ።

ኣብ'ዚ ርክብ'ዚ፡ ተሳቲፎም ዝነበሩ ወከልቲ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ፤ ብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ) ምኽትል ኣቦ መንበር፤ ብጻይ ጅምዕ ኣሕመድ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ሕብረተ-ሰብኣዊ ጕዳያት፤ ብጻይ መሓመድ ኣደም ኣርትዓ፡ ሓላፊ ቤት ጽሕፈት መንእሰያትን ደቂ ኣንስትዮን ኢዮም።

ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ልኡኽ ውድብና፡ ብ28 መጋቢት 2007 ምስ'ቲ ብገዲም ተጋዳላይ እስማዒል ናዳ ዝምራሕ ልኡኽ ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ጋሽ ሰቲት ኣብ ቤት ጽሕፈት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ካርቱም ርክብ ኣካይዱ። ኣብ'ቲ ርክብ፡ ብዛዕባ ንኽልቲኡ ሸነኻት ዘገድሱ ጕዳያት ተላዒሎም፤ ኣብ መንጐ ክልቲኦም ሸነኻት ዘሎ ዝምድናታት ንምሕያል ቅልጡፍ ስጉምታት ክውሰድ ኣገዳስነት ከምዘለዎ ድማ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ። ዝምድና ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ጋሽ ሰቲትን ካብ ሰማንያታት ዝጀመረ ምዃኑ ይፍለጥ።

4. ካልኣይ ጉባኤ ጨንፈር ሽመልባ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

ጨንፈር ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ መደበር ስደተኛታት ሽመልባ፡ ብ6 ሚያዝያ 2007 ካልኣይ ጨንፈራዊ ጉባኤኡ ኣካይዱ።

ብጻይ መሓመድ ኣሰሎ፡ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ፡ ኣብ'ቲ ጉባኤ ብምስታፍ፡ ብዛዕባ ህልዊ ኵነታት ሃገርናን ኣብ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝተጋህደ ምዕብልናን ብዛዕባ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ከምኡ ውን፡ ንጉዳይ መንእሰያት ኣመልኪቱ፡ ብጻይ መሓመድ ኣሰሎ፡ መንእሰያት ቀንዲ ግዳያት ናይ'ቲ ስርዓት ኰይኖም ከምዘለዉን፤ ንመንእሰያት ንምልዕዓልን ንምጥርናፍን ዕቱብ ስርሓት ምክያድ ከምዘድልን ኣገንዚቡ። መንእሰያት ውን፡ እቲ ቃልሲ ኣይምልከተናን ኢዩ ከይበሉ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ካብ'ዚ ወሪድዎ ዘሎ ስቅያትን ዓጸባን ንምንጋፍ ብጽንዓት ክቃለሱን ጸውዒቱ ኣቕሪቡ።

ብድሕር'ዚ፡ ጉባኤ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ካልኣይ ጉባኤ ጨንፈር ዝተፈጸሙን ዘይተፈጸሙን ስርሓት ዝገልጽ ብሽማግለ ጨንፈር ጸብጻብ ሰሚዑ። ጉባኤ፡ ኣብ'ቲ ዝቐረበ ጸብጻብ ዓሚቝ ክትዓት ድሕሪ ምክያድ ነቲ ጸብጻብ ኣጽዲቑ።፡ ንዝመጽእ መድረኽ ዝዋስኣሉ መደብ ዕዮ ሓንጺጹን፤ ነዚ ዝመጽእ መድረኽ እትመርሕ ሓዳስ ሽማግለ ጨንፈር ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ መሪጹ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ብጻይ መሓመድ ኣሰሎ፡ ካብ ጉባኤኛታት ዝቐረበ ለበዋታት ተቐቢሉ።

5. ኣሃዱታት ሰራዊት ሓርነት ኣብ ድሮ ዝኽሪ ተጋሩባ መጽሔታት ዘርጊሖም

ካብ ዕለት 2-8 መጋቢት 2007 ኣብ ዘሎ መዓልታት ኣሃዱታት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ ከባቢ እንዳገርጊስ ሰሊኹን ብምእታው፡ ብሓልዮት ክፍሊ ዜና ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝሕተም መጽሔት ዲሞክራስያዊት ኤርትራን፤ ከምኡ ውን፡ ብቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝሕትም መጽሔት ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ዘርጊሐንን፤ ንህዝቢ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ክለዓል ጉስጉሰን ብሰላም ናብ ቦታአን ተመሊሰን።

ብዕለት 15.03.2007 ከኣ፡ መደበር ሰራዊት ሓርነት፡ ስውእ ጀውሃር ሓሰን፡ ንመበል 43 ዓመት ዝኽሪ ተጋሩባ ብክብ ዝበለ ድምቀት ኣኽቢሩ ውዒሉ። ብጾት ያሲን ሁመድን ዓሊ ዓምርን ድማ፡ ብዛዕባ ዅናት ተጋሩባን ትርጉሙን፥ ከምኡ ውን፡ ብዛዕባ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቦም።

ብተመሳሳሊ ዕላማ፡ መደበር ስውእ ሰለሙን ተወልደ፡ ብዕለት 16.03.2007፡ ኤርትራውያን ስደተኛታትን ኢትዮጵያውያን ተቐማጦን ናይ'ቲ ከባብን ዝተሳተፍሉ ድሙቕ ዝኽሪ መዓልቲ ሰራዊት ሓርነት (ተጋሩባ) ኣኽቢሩ ውዒሉ።

ተጋዳላይ ዑመር ዋልታ፡ ብምኽንያት ዝኽሪ ዅናት ተጋሩባ ንተሳተፍቲ ኣዝዩ ዝመሰጠ ቃል ኣስሚዑ። ከምኡ ውን፡ ንስምዒታት ዘልዓዕሉ ግጥምታት ብዝተፈላለዩ ኣባላት ሰራዊት ሓርነት ተነቢቦም። ኣብ መደምደምታ ድማ፡ ክፍሊ ባህልን ሙዚቃን ሰራዊት ሓርነት፡ ነቲ በዓል ዘዳለወቶ ባህላውን ሰውራውን መዛሙርን ደርፍታትን ኣቢላ ንመንፈስ ናይ ተሳተፍቲ ዘርወየ መደባት ኣቕሪባ።

6. ኣቦ መንበር ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶ ንወከልቲ ኤ.ደ.ኪ-1ን ንካድራት ውድብ ዞባ ምብራቕ ሱዳንን ኣገዳሲ መብርሂ ሂቡ

ተጋ/ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶን ኣባል ማእከላይ መሪሕነት ኤ.ደ.ኪን፡ ብዕለት 15ን 16ን መጋቢት ክልተ ዝተፈላለዩ ኣኼባታት ብምክያድ፡ ኣብ ከባቢ ከሰላ ንዝርከቡ ወከልቲ ውድባት ኤ.ደ.ኪ-1ን፡ ንካድራትን ወከልትን ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ ኣብ ምብራቕ ሱዳንን፡ ብዛዕባ ህልዊ ምዕባሌታት ደምበ ተቓውሞን ምስኡ ዝተኣሳሰረ ጉዳያትን መብርሂ ሂቡ።

ኣብ'ቲ ወከልቲ ኤ.ደ.ኪ-1 ዞባ ከሰላ፣ ማለት፣ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ (ግ.ሃ.ድ.ኤ)፣ ሰልፊ ደሞክራሲ ኤርትራ (ሰ.ደ.ኤ.) ከምኡ'ውን ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ ዝተሳተፍዎ ናይ 15 መጋቢት፡ ኣኼባ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ነቲ ኣብ ጉባኤ ኪዳን ዝተረጋገጸ ዓወትን፡ ኣብ ምምራጽ መሪሕነት ምስ በጽሐ ዝተጋህደ ነጥብታት ፍልልያትን ብዝርዝር ገሊጹ።

ኣብ ናይ 16 መጋቢት 2007 ኣኼባ ድማ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ ናይ ከሰላን ከባቢኡን ዝመጹ፡ ዝርኤ ብዝሒ ዘለዎም ውሑዳት ካድራት ተሳቲፎም ነበሩ። ኣቦ መንበር ናብቲ ኣብ ዝሓለፈ መዓልቲ ንወከልቲ ኤ.ደ.ኪ-1 ገሊጽዎ ዝነበረ ጉዳያት ዘትኮረ ዓሚቕ መግለጺ ኣቕረበ።

ኣብ ክልቲኡ ኣኼባታት፡ ኣቦ መንበር ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ፡ እቲ ተበግሶ ጉባኤ ኪዳን ብመሰረቱ ናይተን ሕጂ ኣብ ኤ.ደ.ኪ-1 ተጠርኒፈን ዘለዋ ውድባት ከም ዝነበረ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ ነፍሲ ወከፍ ውድብ ብዝያዳ ዝውከለሉ፡ በርጌሳዊ ማሕበራት ብተዓዛብነት ዝሳተፉሉ፡ ውሳኔ ክውሰድ እንከሎ'ውን ዘይስልኪ ጸዓትን፡ ድፍኢትን ናይዘን ውድባት ከም ዝነበሮ ኣብርሀ። ርግጽ ኪዳን ንምሕያልን ንምዕዛዝን ብዝሕልን መንገዲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነ ጉዳያት ንኽውሰን፡ እቲ ጉባኤ ክሰላሰል የድሊ ነይሩ እዩ። እቶም ኣገደስቲ ጉዳያት ነዞም ዝስዕቡ ነጥብታት የጠቓልሉ፥

ሀ. ኣብ ቻርተር ኣዝዩ ዘድሊ ዝነበረ ለውጥታት ምትእትታው።

ለ. ኤ.ደ.ኪ ምስ በርጌሳዊ ማሕበራት ኮነ፡

ብሓፈሻ ምስ ህዝቢ ዘለዎ ዝምድናታት ምውሳን።
ሐ. ብዝተጸንዐን ፍትሓዊን መንገዲ ናይ ኣባላት ውድባት ጉዳይ መጠናዊ ውክልና ምውሳን።

ብጻይ ወልደሱስ ኣብ ገለጽኡ እቲ ቻርተር ብመሰረት'ቲ ናይ ሎሚ ኤ.ደ.ኪ-1 ክጣበቑሉ ዝጸንሑ፡ ብዘዕግብ ኣገባብ ከም ዘመሓየሸ ኮይኑ እዩ በለ። ይኹን'ምበር ኣብ ካልእ ከም ጉዳይ መጠናዊ ውክልና ኮነ ኣብ ሕቶ ዝምድና ምስ በርጌሳውያን ማሕበራት ዝኣመሰሉ ጉዳያት ዝተመዝገበ ዓወት ኣይነበረን ክብል ኣመልከተ። ነዚ ጉዳያት'ዚ ገለ ሓይልታት ናይ ኤ.ደ.ኪ. ብዕቱብነት ዝረኣይዎ ኣይነበረን። ዋላ'ውን እቲ ናብ በርገሳውያን ማሕበራት ክበጽሕ ዝነበሮ ዕድመታት ክሳብ ናይ መወዳእታ መዓልታት ስለ ዝተጉተተ፡ ጉባኤ ውሑዳት ተዓዝብቲ ካብ በርገሳውያን ማሕበራት ጥራሕ ክርኢ እንከሎ ንተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ ኮነ ንካልእ ውድባት ዘዕግብ ተረኺቡ ኣይነበረን። እዚ ሃለዋት'ዚ ሓደ ካብቶም ብሩሃት ፍሽለታት ናይ ኤ.ደ.ኪ. ፈጻሚ ኣካልን ኣቦ መንበሩን ዘንጸባረቐ ኣብ ርእሲ ምንባሩ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ካልእ መዳያት እውን ብምፍሻሉን ዝተማልኤ ጸብጻባት ከቕርብ ዘይምኽኣሉን ብማእከላይ መሪሕነት ተሪር ነቐፌታ ተዋሂብዎ እዩ ክብል ብ/ ወልደሱስ ኣብርሀ።

ብምቕጻል ኣቦ መንበር ተ.ሓ.ኤ ሰ.ባ ንኪዳን ከሰጉምን ንቕድሚት ክደፍእን፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ካብቲ ዝነበሮ ዝሓሸ መልክዕ ክህብን ዝኽእል መሪሕነት ምምራጽ፡ ሓደ ካብቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ጉዳያት ምንባሩ ጠቐሰ። ወጻኢ ካብ መሪሕነት ዝርከቡ ሓያሎ ኤርትራውያን እውን በቲ ዝነበረ መሪሕነት ምቕጻል ልክዕ ከምቲ ኤ.ደ.ኪ. ናብ ክልተ ደንበታት ብምፍንጫሉ ዘስዓቦ ጓሂ መስዓብ ነይሩ እዩ ዝብል እምነት ከምዘሎዎም ጠቐሰ።

ብጻይ ወልደሱስ ነቲ ብገለ ኣባላት መሪሕነት ኤ.ደ.ኪ-2 ዝቐርብ ዘሎ ክትዓት ኣልዒሉ፡ ምምራጽ መሪሕነት ብመሰረት ተራ ብዝሒ (ወይ 50%+1) ከም ዝብሉ፣ እዚ ድማ "ዘስሕቕን ዘገርምን ጥራሕ ዘይኮነስ ብምኩራት ኢዮም ዝበሃሉ ፖሊቲከኛታት ናይ ተቓውሞ ክደጋገም እንከሎ ዘሕንኽ እዩ" ክብል ገለጸ።

ኩሎም ተሳተፍቲ ዘለዎም ትዕዝብታትን ሕቶታትን ብምልኣት ድሕሪ ምቕራብ ድማ ኣኼባታት ከሰላ ዕማማቱ ዛዘመ።

ናይ ኤ.ደ.ኪ-1 ውድባት ምብራቕ ሱዳን ኣብ ዝተፈላለየ ከተማታትን ኣብ መደበራት ስደተኛታትን፡ ሓባራዊ ኣኼባታት ናይ ካድራት ኮነ፡ ናይ ኣባላት ጨናፍር፡ ዘካይዱ ግብራውያን ሽማግለታት ኣቑሞም።

7. መበል 23 ዓመት መዕጸዊ ቤት ትምህርቲ ውድሸሪፈይ ብምዕሩግ ኣገባብ ተሰላሲሉ

እታ ካብ ዶብ ኤርትራ ዳርባ እምኒ ርሒቓ እትርከብ መባእታዊ ቤት ትምህርቲ ወድሸሪፈይ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ብ16 መጋቢት 2007 ናይ 2006-7 ዓመታዊ ናይ ኣካዳሚካዊ ትምህርቲ ምዝዛም ድግስ ብቕድሚ ሕጂ ኣብ ታሪኻ ተራእዩ ዘይፈልጥ ምዕሩግ ዝኾነ ኣገባብ ኣኽቢራ ውዒላ። ቤት ትምህርቲ ወድሸሪፈይ፡ ብሓድነት ማሕበራት ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ወርሕን እተባህለ ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ሰብኣዊ ማሕበር ኢያ እትምሓደር።

ዓበይቲ ልኡኻትን ካብ ርሑቕ ሃገር ዝመጹ ኣጋይሽን ብላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ጸጥታ ናይ ሱዳን ተሰንዮም ኣብ ናይ ንግሆ ሰዓታት ኣብ ወድሸሪፈይ ድሕሪ ምብጻሖም'ዩ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ዓመታዊ መዕጸዊ ድግስ ዝተጀመረ። ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝመርሖ ላዕለዋይ ልኡኽ ውድብ፤ እቶም ተሓሊለን ደኺመን ከይበሉ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ሱዳንን ዓዲ ጣልያንን ብዘበርክትዎ ኣገልግሎት ፍሉጥ ዝኾኑ ኣባ ማሪኖ ሃይለ ዝመርሕዎ ልኡኽ ካብ ዓዲ ጣልያንን፤ ከምኡ ውን፡ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ ስዊዘርላንድ እተመስረተ፡ ንደሞዝ መምህራን ክሽፍን መብጽዓ ዝኣተወ ሓድሽ መኸሰብ ኣልቦ ማሕበርን ዝርከብዎም ልኡኻት ኢዮም ነቲ ናይ መዕጸዊ ድግስ ኣማዕሪጎምዎ ዝወዓሉ። ሓላፊ ቤት ጽሕፈት

ሕብረተ-ሰብኣዊ ጕዳያት፡ ብጻይ ጅምዕ ኣሕመድ፡ ብዛዕባ'ቶም 7 ካብ ዓዲ ጣልያን ዝመጹ ልኡኻትን፡ ከምኡ ውን፡ ብዛዕባ'ተን ካብ ስዊዘርላንድ ዝመጻ ኣሓትን ሕጽር ዝበለ ናይ ሌላ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣባላት መሪሕነት ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ኣባላት መሪሕነት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ኣብ'ቲ መዕጸዊ በዓል ተሳቲፎም ነይሮም። ብመምህራንን ተምሃሮን ወለድን ብዓረብኛን ትግርኛን ዝቐረቡ መደረታት፡ ቤት ትምህርቲ ወድሽሪፈይ ብዝበለጸ ኣገባብ ዝቕጽለሉ ዋሕስነት ተረጋጊጹ ምህላዉ ዘንጸባርቕን፤ ነቶም ደቂ ድኻታት ስደተኛታት ዝኾኑ ህጻናት ናይ ትምህርቲ ዕድል ንከረኽቡ ዝጸዓሩን፡ ኣብ'ቶም ስደተኛታት ተስፋ ዝሰኾዑን እሙናት ዝኾኑ ለገስቲ ዘመጉስን ኢዩ ነይሩ።

ብቋንቋታት ዓረብኛን ትግርኛን ትግረን ብተመሃሮ ዝቐረቡ መዛሙርን ግጥምታትን ስምዒት ዘልዓዕሉ ትሕዝቶታትን መልክዕን ዝነበሮም ኢዮም ነይሮም። መብዛሕቱ ግጥምታቶምን ትያትራቶምን ነቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሽግራትን፤ ንደቂ ኣንስትዮ ኣብ መዳይ መርዓን ትምህርትን ዘጋጥም ጸገማትን ዘንጸባርቕ'ዩ ነይሩ።

ኣባ ማሪኖ፡ ንስደተኛታት ተመሃሮ ብዝገበርዎ ደገፍ እተመጉሰ "ኣባ" እትብል እተዘመረትሎም መዝሙር ብፍላይ፡ ሓቀኛ መንነት ናይ ኣባ ማሪኖ ትገልጽ ስለዝነበረት፡ ንስምዒት ናይ ኩሉ ኣብ'ቲ በዓል እተሳተፈ ዕዱም ተንኪፋ ጥራሕ ዘይኰነትስ፤ ንገለ ውን፡ ክሳዕ ንብዓቶም ምቊጽጻር ዝስእኑ ገይራቶም ኢያ።

## ቃል ዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ወድሽሪፈይ፡-

ዳይረክተር ቤት ትምህርቲ ወድሽሪፈይ፡ መምህር ተኽለሃይማኖት እልፉ፡ ኣብ ዘቕረቦ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ቃል፡ ቤት ትምህርቲ ወድሽሪፈይ፡ በቲ ኣባ ማሪኖን ብጾቱን ኣብ'ቲ ብ2004 ዝገበርዎ ቀዳማይ ዑደቶም ብዝገበርሉላ ደገፍ ዘረጋገጾ ምዕባለታት ክብ ዝበለ መጕሱ ገሊጹ። እታ ቤት ትምህርቲ ብ1984 ኣብ ትሕቲ ብሳዕርን ዕንጨይትን እተሰርሐ ዳሳት (ራኩባታት) ከምዝጀመረት ኣብሪሁ። ድሒሩ፡ ብ1988 ዓ.ም ብናይ ሆላንድ ለገስቲ ማሕበራት ደገፍ 200 ተመሃሮ ዝሕዝ ዘመናዊ ህንጻ ከም እተሰርሐ ገሊጹ። ቅድሚ'ቲ ኣባ ማሪኖን ብጾቶምን ዝመጽሉ ኣስታት ክልተ ዓመታት ዝነበረ እዋን ግን፡ እቲ ነታ ቤት ትምህርቲ ዝልገስ ዝነበረ ኣህጉራዊ ሓገዛት ነኪዩ ስለዝነበረ፡ እታ ቤት ትምህርቲ ኣብ ኣዝዩ ሕማቕ ዝኾነ ኩነታት ወዲቓ ምንባራ ውን ዘኪሩ።

ወዲ እልፉ፡ ነቲ ብለገስቲ ማሕበራትን ውልቀ-ሰባትን ንቤት ትምህርቲ ወድሽሪፈይ ክሳዕ ሕጂ ዝተዋህበ ደገፍ ድሕሪ ምምስጋን፡ ኵሎም ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ሃገሮም ዝምለሱላ ዲሞክራስያዊት ሃገር ክሳዕ እትህነጽ፡ እቲ ብለገስቲ ዝውሃብ ሓገዝ ክቕጽል ከምዘለዎ ኣማሕጺኑ። ወዲ እልፉ ንኣባ ማሪኖን ብጾቶምን እኳ ደጋጊሙ ይጠቕስ እንተነበረ፤ ኣባ ገበራይ ንዝገበርዎ ምትሕብባርን ኣመጕሱን፤ ንወይዘሮት ዑቕባ ተኽለን ወይዘሮት ሶፍያ ወልደሱስ ዓማርን ኣባላት ናይ'ቲ ኣብ ስዊዘርላንድ ዝመደበሩ መኸሰብ ኣልቦ ማሕበር ኤርትራውያንን ስዊስን ውን፡ ንቤት ትምህርቲ ወድሽሪፈይ ኩሉ መዳያዊ ደገፍ ንምግባር ብዝወሰድኦ ተበግሶ ኣድናቖቱን መጕሱን ገሊጹ ኢዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ "ሙልተዳ ኣልኢስላም" እተባህለ ሱዳናዊ መኸሰብ ኣልቦ ማሕበር፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወድሽሪፈይ ናይ ማይ መዘርግሒ ቱቦታት፤ ከምኡ ማሕበር ቀይሕ ወርሒ ሱዳን ንተመሃሮ ዘበርከቶም ሕክምናዊ ኣገልግሎት ወዲ እልፉ ኣብ መግለጺኡ ብፍሉይነት ጠቒስዎ ኢዩ። ፕሮግራም መግቢ ዓለም (WFP) እተባህለ ኣህጉራዊ ትካል ውን፡ ካብ ዝመጽእ ወርሒ ሰነ 2007 ናይ ቍርሲ ፕሮግራም ንተመሃሮ ከተኣታቱ ተመባጺዑ ኣሎ። እንተኾነ ግን፡ ክሽነ ንምህናጽን ንክሽነ ዝኸውን መሳርሒታት ንምድላውን ገንዘባዊ ደገፉት ከድሊ ምዃኑ ብሩህ ኢዩ።

ቤት ትምህርቲ ወድሽሪፈይ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሻዱሻይ ክፍሊ፡ ኣብ ኤርትራዊ ስርዓተ-

ትምህርቲ ተመርኲሶ፡ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ብቋንቋታት ዓረብኛን ትግርኛን፤ ንሻውዓይን ሻሙናይን ክፍሊ ድማ ብቋንቋ እንግሊዘኛ ፍልጠት ዘቕስም ቤት ትምህርቲ ኢዩ። ናይ 8 ክፍሊ ትምህርቶም ዝወድኡ ተመሃሮ ወይ ኣብ'ቲ ብ"ቫቲካን" ዝብል ስም ዝፍለጥ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ወይ ድማ ኣብ ናይ ሱዳን ኣብያተ-ትምህርቲ ኢዮም ዝቕጽሉ። ከምኡ ውን፡ ኣብ'ቲ ቅድሚ ገለ ዓመታት ዝተዓጽወ ብዩነስኮ ዝብል ስም ዝፍለጥ ዝነበረ ብተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝመሓደር ቤት ትምህርቲ ይቕጽሉ ምንባሮም ዝዝከር ኢዩ ኢሉ። ቀጺሉ፡ ኣብ'ዚ ናይ 2006-7 ዓመታዊ ትምህርቲ ዝተሳተፉ ተመሃሮ 510 ምዃኖምን፤ ካብኦም 315 ደቂ ተባዕትዮ፡ 195 ድማ ደቂ ኣንስትዮ ምንባሮም ሓቢሩ። 90% ካብ'ዞም ተመሃሮ ትምህርቶም ብዓወት ዛዚሞም ናብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ክምዝሰገሩ ውን ጠቒሱ።

**ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝሃቦ መግለጺ፦**

ኣቦ መንበር ፈጻሚ ሽማግለ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣብ'ቲ መዕጸዊ በዓል ተሳቲፉ ኣብ ዝሃቦ ቃል፡ ኣብ መዕጸዊ በዓል ቤት ትምህርቲ ወድሸሪፈይ ብምስታፉ ዘሐጎስዎ ብዙሓት ምኽንያት ከምዘለዉ ጠቒሱ። ካብ'ቶም ዘሐጎስዎ ምኽንያታት ገለ ድማ፡ ኣብ መንጎ ህጻናት ተመሃሮን ወለዶምን፤ ከምኡ ውን፡ ኣብ መንጎ ከም ፓድረ ማሪዮ ዝኣመሰሉ ሕልንኦም ዘየድክሙ ፈቓራትን ክቡራትን ዜጋታት ምርካቡ ምዃኑ ገሊጹ። ብተወሳኺ፡ እታ ምስኡ ኰይና ቅድሚ 23 ዓመታት ኣብ ጽርጊያታት ስዊዘርላን ሓገዝ ንቤት ትምህርቲ ወድሸሪፈይ እትልምን ዝነበረት ህጻን ጓሉ፡ ብዝበለጸ ኣገባብን ስርርዕን ደገፋ ንኽተበርክት ኣብ ሱዳን ምምጻኣ ከም ዘሐጎሶ ገሊጹ። ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ኣስዒቡ፡ ነቶም ንሓቀኛ ኩነታት ኤርትራ ብመልክዕ ግጥምታትን ተዋስኣታትን ዝገለጹ ተመሃሮ ኣመስጊኑ። ክሳዕ ኩሎም ኤርትራውያን ብሰላምን ዲሞክራስን ዝነብሩላ ኤርትራ እትህነጽ ድማ፡ ንዝጀመርዎ ናይ ቃልስን መኸተን መንፈስ ክቕጽልዎ ኣተባብዖም። ብድሕር'ዚ፡ ንፓድረ ማሪዮ፡ ገለ ቃላት ነቶም ተመሃሮ ከስምዑ ብትሕትና ዓደሞም።

**ፓድረ ማሪዮ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ውድሸሪፈይ ዘስምዕዎ ቃል፦**

ኣባ ማሪዮ፡ ብእልልታን ጭብጨባን ተሰንዮም ቃሎም ንኸስምዑ ኣብ መድረኽ ደየቡ። ኣባ ማሪዮ፡ ነዞም ተመሃሮ እዚኣቶም ካብ መምሃራኖምን ወለዶምን ንላዕሊ ዝተገደሰሎምን ዝደኸመሎምን ሊጋሲ ስለዘየለ፤ እቲ ንዓይ ዝተገብረለይ መጕስን ምስጋናን ካብ ዝግብኣኒ ንላዕሊ ኢዩ ብዝብል ትሕትና ዝመልኦ ቃል ኢዮም ጀሚሮሞ። እቲ ቤት ትምህርቲ ምሕዳስ ከምዘድልዮን፤ ከምኡ ውን፡ ነቲ ትካል መግቢ ዓለም ገይርዎ ዘሎ ናይ ቍርሲ ፕሮግራም ዝኸውን ክሽነን መሳርሒታቱን ዝኸውን ደገፋት ካብ ለገስቲ ክርከብ በዓል ምሉእ ተስፋ ምዃኖም ሓቢሮም።

ኣባ ማሪዮ፡ መግለጺኦም ብምቕጻል፡ ሃገርና ኤርትራ ሎሚ ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ኣላ ኢሉ ኣፉ መሊኡ ክዛረብ ዝኽእል ሰብ የለን ኢሎም። ነቶም ህጻናት ድማ፡ ናይ ጽባሕ መራሕቲ ኤርትራ ክኾኑ ምዃኖምን፤ ነዚ ዘድሊ ምቅርራባት ክገብሩ ከምዝግብኦምን ውን ኣዘኻኺሩ። ፈሪሃ እግዚኣብሄርን/ኣላህን ሕልናን ዘይብሉ፡ ምስጉን መራሒ ክህሉ ከምዘይክእል ድማ ኣሚቶም። ወለዲ፡ ደቆም ብግቡእ ናይ ምዕባይን ምምልማልን ሓላፍነት ከምዘለዎም ውን ኣዘኻኺሮም።

ኣባ ማሪዮ፡ ነዚ መልእኽቲ'ዚ፡ ብዕለት 15 መጋቢት 2007 ኣብ ቅድሚ 600 ዝኾኑ ተመሃሮ ካቶሊካዊት ቤት ትምህርቲ (ቫቲካን) ኣብ ከሰላ፤ ብዕለት 17 መጋቢት ድማ፡ ኣብ መዕጸዊ በዓል ናይ ሰለስተ ኣብያተ-ትምህርቲ ማሕበረ ኮም ኤርትራ ንምትሕልላፉ ዕድል ረኺቦም ኢዮም። እቶም ኣብ ወድሸሪፈይ እተሳተፉ ልኡኻት፡ ብምሉኣቶም ኣብ መዕጸዊ በዓል ኣብያተ-ትምህርቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ከሰላን ካርቱምን ውን ተሳቲፎም ኢዮም።

ሮበርቶ ራባቶኒ፡ ምልካዊ ስርዓት ብቕጽበት

ከልግስ ኣለዎ ኢሉ፡-

ሮበርቶ ራባቶኒ ውን፡ ልክዕ ከም ኣባ ማሪኖ፡ ኣብ መዕጸዊ በዓል ቤት ትምህርቲ ወድሽሪፈይ ንኻልኣይ ግዜኡ'ዩ ዝሳተፍ ዘሎ። ቀዳማይ ዑደቱ ብ2004 ምስ ኣባ ማሪኖ ነይሩ። ኣብ'ቲ ብቛንቋ ዓረብኛን ትግርኛን እተተርጐመ ነዊሕ ብቛንቋ ጣልያን ዘስምዖ መግለጺ፡ ኣባ ማሪኖ፡ ናብ'ዛ ድኻን ናይ ድኻታት ስደተኛታት ቤት ትምህርቲ ወድሽሪፈይ ንኽበጽሕን ንኽድግፍን ዝገበርዎ ጻዕሪ ኣመስጊኑ። እዚ፡ ን25,000 ድኻታት ህጻናት ዝድግፋ ማእከላት ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ኣብ ኢትዮጵያ ዘለውአ ሊጋሲ'ዚ፡ ኤርትራውያን ውሕሉል ምሕደራ ከምዘድልዮምን፤ እዚ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ምልካዊ ስርዓት ኣብ ዝሓጸረ እዋን ተኣልዩ፥ እዞም ኣብ ወድሽሪፈይ ዝነብሩ ህጻናትን ወለዶምን ናብ ናጻን ዲሞክራስያዊትን ኤርትራ ተመሊሶም ክርኢ ከምዝምነን ገሊጹ። ኣቶ ራባቲኖ፡ ኣብ'ቲ ቅድሚ ክልተ ዓመት፡ ንቤት ትምህርቲ ወድሽሪፈይ ንምሕዳስ እተበርከተ ሓገዛት ቀንዲ ተዋሳኢ ምንባሩ ይፍለጥ። ሕጂ ውን፡ ነቲ ቤት ትምህርቲ ዘበርክቶ ደገፍ ቀጻሊ ምኻኑ ተመባጺዑ ኣሎ።

ቃል ዑቕባ ተኽለ፡-

ወይዘሪት ዑቕባ ተኽለ፡ ንሳን ብጸይታ ሶፍይ ወልደሱስ ዓማርን፡ ነቲ ክልቲኣን ብሓባር ኰይነን ብ2004 ኣብ ምምስራቱ ዓቢ ግደ እተጻወታ ንቤት ትምህርቲ ወድሽሪፈይ ዝድግፍ ማሕበረን ወኪለን ኣብ ወድሽሪፈይ ናይ ምብጻሕ ዕድል ምርካበን ሕጉሳት ምኻነን ገሊጸ። ዑቕባ ኣብ መግለጺኣ፡ ብዛዕባ'ቲ ንቤት ትምህርቲ ወድሽሪፈይ ዘድልዩ ህጹጻት ዝኾነ ደገፋት ብ2003 ዓ.ም ካብ ብጸይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ከምዝሰምዐት ሓቢራ። ንሳን ሶፍያን ካልኦት ብጾተን ኣብ ስዊዘርላንድን ድማ፡ ብዛዕባ'ዚ ንቤት ትምህርቲ ወድሽሪፈይ ዝምልከት ዘካይድኦ ዘለዋ ፕሮጀክት ሕጉሳት ምኻነን ገሊጸ።

ቃል ኢንጂኔር ተኽለ ኣለማዮ፡-

ኣባል ናይ'ቲ ማሕበር ረዲኤት ኤርትራ (ERA) ብዝብል ስም ዝጽዋዕ ዝነበረ ትካል ኣብ ዓዲ ጣልያን ኰይኑ ን20 ዓመታት ንኤርትራውያን ዘገልገለ ሰብ'ዩ። ናብ ወድሽሪፈይ ናይ ምብጻሕ ዕድል ምርካቡ ሕጉስ ምኻኑ ገሊጹ። እዚ፡ መግለጺ ናይ ሓቀኛ ኤርትራ ኢዩ፤ ምስ ኣባ ማሪኖ ብምትሕብባር ድማ፡ ንኤርታውያን ስደተኛታት ኣብ ሱዳን ክድግፍ ምኻኑ ተመባጺዑ።

ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ መዕጸዊ በዓል፡ ነቶም ኣስማቶም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ኣጋይሽን ነታ ንጽጉማት ኤርትራውያንን ካልኦት ህጻናት ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ዓለም እትድግፍ ወይዘሪት ግራስያ ፐትሩቺዮሊን፤ ንተሓለቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ዝኾኑ፡ ልዊጂ ሳምቦኒን ብሪሲ ኣንሶን፡ ከምኡ ውን፡ ንሓጋዚት ኣባ ማሪና ኣብ ቤት ጽሕፈት ሚላኖ ዝኾነት ንግስቲ ተኽለሃይማኖትን ተዓዲሉ። ከምኡ ውን፡ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሳልሳይ ደረጃ ዝወጹ ብሉጻት ተመሃሮ ናይ ኵለን ክፍልታት ካባ ኣባ ማሪኖንን ወልደሱስ ዓማርን ብልጫታቶም ተቐቢሎም።

8. ኣኼባ ከተማ ሽቱትጋርት - ጀርመን

ብምምሕዳር ዞባ ጀርመን ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ዝተጸውዐ፡ ኣባላት መሪሕነት ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ብጸይ ንጉሰ ጸጋይን ተኽለ ሰንበት ተኽላይን ዝመርሕዎ ናይ ህዝቢ ኣኼባ ብዕለት 24 መጋቢት 2007 ኣብ ከተማ ሽቱትጋርት ተሰላሲሉ። ዕላማ ናይቲ ኣኼባ ኣብ 6ይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ዝጸደቁ ንውድብን ንሃገርን ዘገድሱ ሓደስቲ ውሳኔታት ምስ ህዝቢ ንምልላይን ኣብዚ ቐረባ እዋን ዝተሰላሰለ ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን መሪሕነት ኣብ ምምራጽ ዝተራእየ ኣሉታዊ ተረኽቦን ኣተሓሕዝኡን ዝጠመተ ኣኼባ ኢዩ ነይሩ። ኣብዚ ዝናኣድ ተሳታፊ ኣኼበኛታት ዝተራእየሉ ኣኼባዚ፡ ኣብቲ ከባቢ ካብዝርከቡ ኣባላት ተቓወምቲ ውድባትን፡ ሰልፍን፡ ምንቅስቓሳትን፡ ግዱሳት ውልቀ-ሰባትን ኣ

ባላት ስቪካዊ ማሕበራትን ቦታዊ ናይ ራድዮ ፈነዋ ትካልን ምስታፎም ዝፍለጥ ኢዩ።
እቲ ኣኼባ ብብጻይ ተኽለዝጊ ምኪኤልን ተስፋማርያም ክብራኣብ ኣቦ-መንበር ምምሕዳር ሽማግለ ሌላን ምርግልርጽንዩ ተጀሚሩ። ቀጽሉ ተጋዳላይ ንጉሰ ጸጋይ 6ይ ጉባኤ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ፣

ሀ. ኣብ ኤርትራ ብሓይሊ ብረት በቑሉ ንዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ንምውዳቕ ክኽተሎ ዘለዎ ኣገባብ ኣቀላልሳ፣

ለ. ንኣቃውማን እምነታትን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ዘእተወ፣ ግጉይ ፖሊሲታትን ተግባራትን ስርዓት ህግዲፍ ዝፈጠሮ ዘይምትእምማንን ምጥርጣርን ወጊዱ፣ ኣብ መጻኢት ዲሞክራስያዊት ኤርትራ መንገዲ ስኒትን ሰላማን ከረጋግጽ ዝኽእል ስርዓተ ምሕደራን፣

ሐ. ንጉዳይ መሬት ብዝምልከት፣ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ 1994 ዘውጽኦ መግለጺ፣ ከምኡውን ፈጻሚ ሽማግለ ኣብ ጉንበት 2000 ዓ,ም ዘውጽኦ ንመሬት ዝምልከት ኣዋጅን ብምጥቃስ፣ ሕጂውን እንተኾነ፣ ዋንነት መሬት ኣብ ኢድ ህዝቢ ይጸንዕ፣ ብህልዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት መሬቶም ዝተመንዝዖም ኤርትራውያን ዜጋታት፣ ኣብ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ብሕጋውን ፍትሓውን ኣገባብ መሬቶም ክምለሰሎም ምኳኑ ዘረጋግጽ ውሳኔን፣ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ኪዳን ብኹለን ኣባላት ኪዳን ዝኾና ውድባት ቅቡል ኰይኑ ኣብ ዓንቀጻቱ ምስፋሩን፣

መ. ኣብ ምጣኔ ሃብታዊ መዳይ እንተኾነውን ምስቲ ኣብ ሰብዓታት ዝነበረ ተመክሮን ድልየትን ብምዝማድ፣ ኣብ ሃገርና ምዕባለን ዕብየትን ዘረጋግጽ፣ ናይ ኤርትራውያንን ወጻኣተኛታት ርእሰማል ኣብ ሃገርና ንምውፋር ዝሕግዝ፣ ናይ ዕዳጋ ምጣኔ ሃብቲ ቅዋም ምኳኑ ጉባኤና ን ብዙሕ ካልኦት ምኽንያታት ምውሳኑ፣

ሰ. ንምቛም ሰልፊ ብዝምልከትውን፣ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ድሕሪ ነጻነት ኤርትራ ኣብ 1991 ዝሕለፎ ውሳኔን፣ ከተግብሮ ዘይካኣለ ወድዓውን በዓል-ቤታውን ዓቕምታት ብምሕባር ሕጂ ግን ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ክሰላሰል ዘለዎ፣ ሰፊሕ ህዝባዊ ተሳትፎ ዝረጋግጽ ምስ መደብ ዕዮናን ኣረኣእያናን ዝመሳሰል መደብ ዕዮ ዘለዎም ውድባትን፣ ሰልፍታትን፣ ምንቅስቓሳትን፣ ስቪካዊ ማሕበራትን፣ ጉጅለታትን ውልቀ-ሰባትን ካብ ምስንዳኡ ክሳብ ምቛሙ ተሓባቢራ ዝቐውን ሰልፊ፣ ንክህሉ ጉባኤ ምውሳኑን ምስናይ ምኽንያታቱን ብኻልኦት ዝቐርብ ምስምሳትውን ብኣብነታት ኣሰንዩን ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ።

ረ. ብጉዳይ ኤርትራዊ ኪዳን ንተኾነውን፣ ኣብ 1999 ምሕዝነት ክቐውም እንከሎ ዝነበሮ ሕጽረታትን፣ ንምስትኽኻሉ ዝተኻየደ ጻዕርታትን ዘስዓቦ ናይ ምምራሕ ሽግራትን፣ ኪዳን ክቐውም እንከሎውን ዝጸንሐ ጸገማት ምሕዝነት ሓቑፉ ክኸይድ ምጽንሑን፣ ሕጽረታቱ ንምእራም ኣብ ውሽጢዚ ዝሓለፈ ዓመታት ዝተኻየደ ጻዕርታትን፣ ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ኪዳን ዝጸደቐ ቻርተር መርኣያ ምዕባለን ተቐይሮን እኳ እንተነበረ፣ ኣብ ምምራጽ መሪሕነት ዘርኣዮ ፍሽለት፣ ንትጽቢታት ህዝብና ብሓፈሻ ንደምበ ተቓውሞ ድማ ብፍላይ ዝሃረመ ኣሕዛኒ ተረኽቦ ምኳኑ፣ ይኹንምበር እቲ ኣብ ጉባኤ ኪዳን ዝጸደቐ ቻርተር ናይ ኩለንተን ኣብ ምቛሙ ዝተሳተፋ ውድባትን ሰዓብተንን ስለዝኾነ፣ ኣብ ክንዲ ምስሕሓብን ምትፍናንን፣ ንምዕዋቱ ሕድሕድ ምጽውዋርን ምትሕግጋዝን ከምዘድልየን ዘገንዝብ ሓሳባት ድሕሪ ምግላጽ፣ ብተሳተፍቲ ኣኼባ ብዝቐርቡ ሕቶታት ዝያዳ ንምብራህ መድረኽ ንኣኼበኛታት ተራ ንምሃብ ተገድፈ።

ኣኼበኛታት ኣብ ምቛም ሰልፍን ጉዳይ ከዳንን ኣመልኪቶን፣ ምስ ዝሓለፈ ኣብ ውሽጢ ውድባት ዝጸንሐ ምስጢራውያን ሰልፍታትን ዘለዎም ስክፍታታትን ብምዝማድ ነቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ

ሰውራዊ ባይቶ ተታሓሒዝዎ ዘሎ ናይ ፓርቲ ምቛም መስርሕ ምስ ናይ ስክፍታታቶምን ጠርጠራታቶምን ብሕቶን መልስን መልክዕ ሰፊሕ ልዝባት ኣካይዶም። ኣብ ካልኣይ ጉባኤ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝተራኣየ ምክፍፋል ኣዝዩ ዘሕዝን ተረኺቦ ምንባሩን፡ ሕጂውን ተጸዋዊርካ ኣብ ምኻድ ክግበር ዘለዎ ጻዕርታትን፡ ውድባት ኣብ መግለጺታተን ዘውጽእኦ ምጽውዋርን ልዝብን ሕድገታትን ዝብል ብሂላተን ብቐዳምነት ንባዕለን ከተግብርኦ ከምዘለወንን፡ ገና ሕጂውን ኣብ ቻርተር ኮነ ኣሰራርሕኡ ሃንፋት ከምዘለዎን ክምላእ ከምዝግባእን ዝጠመተ ኣገደስቲ ክታዓት ዘበርከተ ኣኼባ ኢዩ ነይሩ። ውድባት ናይ ህዝቢ ስሕበት ክህልወን እንተኾይኑውን፡ ኣብ ሕድሕደን ስኒት ክህልወን ከምዝግባእን ሓባራዊ ስራሓት ከካይዳ ከምዘለወንን፡ እቶም ኣብ ግናዓት ተኸፊልኩም ዘለኹም ውድባት ኪዳን ንቅድሚት ክደፍእ ዝኽእል ተግባራዊ ስጉምትታት ወሲዶም ምናልባሽ ነቲ ተሪፉ ዘሎ ህዝቢ ኣብ ምድሓን ጻዕርታቶም ከኻዕ ብቱ እንተዘይኮይኑ ኣብ ርሑቕ ዘሎ ናይ ምምራሕ ኩርሲ ከሳሓሕብ ከምዘይግባእ ዘመልከተ ዝቐረበ ሰፊሕ ልዝብን ሓሳብን ምስናይ ዝተዋህቦ ኣፅጋቢ መልስታት ኣገዳሲ ንድሕነትን ሓልዮትን ህዝብን ሃገርን ዘመዘነ ኣኼባ ምንባሩ ኢዩ ዝፍለጥ።

ኣብ መጠረስታ ኣኼበኛታት፡
ሀ. ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ህግዲፍ፡ ዝቕውም መሰጋገሪ መንግስቲ ኣብ ክንዲ ብመራሕቲ ኪዳን ዝኸውን ካልኦት ክኢላታትን ለባማትን ከሳትፍ ብዝኽእል ዓንቀጽ ንኽትካእ፡

ለ. ውድባት ኤርትራ ኣብ ክንዲ ህዝቢ ኣብ ቃልሲ ይሳተፍ የለን ወይ ክሳተፍ ኣለዎ ዝብላ፡ እቲ ንህዝቢ ኣብ ቃልሲ ንኸይሳተፍ ዝገብሮ ዘሎ ምኽንያታት ብግቡእ ከጽንዕኦ ከምዘለወንን፡

ሐ. ህዝቢ ኩነታት ሃገሩ ስለዝፈልጥ፡ ግዳይ ናይቲ ሕሰማትውን ደኸውን ስለዘሎን፡ ነቲ ናይ ውድባት ውሽጣዊ ጸገማት ኣለልዩ፡ ተሳትፍኡ ከበርክትን፡ ኣብ ጉዳዩ ጓና ክኸውን ከምዘይግባኣን

መ. ኪዳን ብሓደ ኽሽይድ ካብዘይካኣለ፡ እቲ ክልተ ግናዓት ተግባራዊ ስጉምትታት ወሲዱ በብመንገዱ ኣባላቱ ጠርኒፉ ኣብ ስራሕ ክጽመድ ከምዝድለ፡

ካልኦት ከምኡ ዝኣመሰሉ ንቃልሲ ሓገዝቲ ዝኾኑ ለበዋታት ብምቕራብ ኣኼባ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ከምዝተደምደመ ተሓቢሩ።

## ኤርትራ፡-

**1. ክልተ መራሕቲ መኻይንን ሓደ በዓል መዝን ስርዓት ኣስመራ፡ ኣብ ሱዳን ዑቕባ ሓቲቶም**

ናስር ሓጅ ሓሰቡን ኣምኒኤልን ዝተባህሉ ክልተ መራሕቲ መኻይን፡ ኣብ በዓላት ተልኮክ ንዝሳተፍ ዝነበረ ላዕለዋይ በዓል-መዚ መንግስቲ ኤርትራ ሒዞም ኣብ ሱዳን ዑቕባ ከምዝሓተቱ ተፈሊጡ። ተልኮክ፡ ኣብ ዶብ ኤርትራን ሱዳንን እትርከብ ዓዲ ኮይና፡ እቲ ኣብኡ ዝካየድ ዝነበረ በዓላት ድማ፡ ብምኽንያት ምጅማር ትግባረ ስምምዕ ሰላም መንግስቲ ሱዳንን ተቓወምቲ ግንባር ምብራቕ ሱዳንን ምዃኑ ተረጋጊጹ።

**2. ኮሚሽነር ስደተኛታት ሱዳን ንኤርትራውያን ዝህቦ ዝነበረ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቛሪጹ**

እቲ ብኮር ዝፍለጥ ኮሚሽነር ስደተኛታት ሱዳን፡ ንኹሉ ንኤርትራውያን ስደተኛታታት ክቕርቦ ዝጸንሐ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ከም ዘቋረጸ ተፈሊጡ ኣሎ። እዚ ዝተቛረጸ ኣገልግሎታት ድማ፡ ኣገልግሎት ትምህርትን ኣቕርቦት ዝስተ ማይን ረድኤትን የጠቃልል። ቀንዲ ጠንቂ ናይዚ ድማ ሕጽረት ባጀትን ምወላን ሚኻኑ ይጥቀስ። ተቐማጦ ናይዘን መዓስከራት፡ ሽግግለታት ብምቛም እቲ ዝውሃቦም ዝነበረ ኣገልግሎት ክምለሰሎም ጥርዓኖም ንኣመሓዳሪ ከሰላን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላት ኪዳንን ከምዝቕረቡ

ተፈሊጡ ኣሎ። ካብ ገለ-ገለ ወገናት ዝተረኽበ ምንጭታት ድማ፡ ምቍራጽ ናይዚ ኣገልግሎታት እዚ፡ ምስቲ ተወሲኑ ዘሎ ዑደት ናይ ላዕለዋይ ኮሚሽነር ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ናብ ሱዳን ዝተኣሳሰረ ምኽኑ የተንብሁ። እዚ ድማ፡ ኮር ሓላፍነት ናይዞም ስደተኛታት ንውዱብ ሑቡራት ሃገራት ከረክብ ስለዝደለየ'ዩ ዝብል ትንታነ ውን የቕርቡ። ብኻልእ ወገን ከኣ፡ እዚ ኣጋጥሙ ዘሎ ቅልውላው ምሕዳስ ዓመታዊ ኰንትራት ሰራሕተኛታት ኮር ዘምጽኦ ምኽኑ ዝእምቱ ሸነኻት ውን ኣለዉ። ቀዋሚ ሰራሕተኛ ፡ እንተደኣኰይኑ፡ ድሕሪ ምውዳእ ኣገልግሎቱ መሰሉ ስለዝሓትት ኣብ ክንዲ'ዚ ገንዘብ መታን ከይከፍሉ ዓመት-ዓመት ሓደስቲ ሰራሕተኛታት ምቍጻር ስለዝመርጹ ኢዮም ዝብሉ ውን ኣለዉ።

# ኣይተረሳዕኩምን እሱራትና

## ብግርማይ ብርሃነ

26.04.2007

ኣብ ጐዳጉዲ እንተቐመጠኩም፡ ወረኹም ከይስማዕ፡
ማሕለኻታት እንተፈጠረ፡ ዕላማኹም ከይሳኻዕ፡
ንጹህ'ዩ ታሪኽኩም፡ እናሓደረ ዝኾላዕ፡
ቀጥ ዝበለ ጉዕዞ'ዩ፡ ዘይብሉ ሽብዳዕዳዕ፡
ህዝብኹም ብርሃን ክርኢ፡ ዝበልክምዎ ገልታዕታዕ፡
ምያኹም ዓቢ'ዩ፡ ከመይ ኢሉ'ሞ ክርሳዕ፡።

ሜዳ ዝጸበኩም ዝነበረ፡ ተኹርሚኹም ኣብ ኩርናዕ፡
ክንደይ ኮን ይመርር፡ ጅግና ብፈራሕ ክውቃዕ፡
ደም ምስታይ ዝለመደ፡ ቀይሕ ዝኣፋ ከም ጭርናዕ
መወዳእታ ክህልዎ ግድነት'ዩ፡ ናይ ኢሳያስ ሽብዳዕዳዕ
ደጊም ጀሚሩ ኣሎ፡ ጸላኢኹም ክጣራዕ፡
ሎምስ ቀሪቡ'ዩ፡ ነንሓድሕዱ ክባላዕ።

ዕርቃኑ ወጺኡ፡ ጉዱ ክቃላዕ፡
መእተዊኡ ጠፊእዎ የማነ-ጸጋም ክጻፋዕ፡
ስምኩም ከለዓል እንከሎ፡ ኣብራኹ ይብሎ ራዕራዕ፡
መሕብኢ ኣይረክብን'ዩ፡ መኽወሊ ድፋዕ
ዋላ ንርእሱ ትኸውን፡ ንእሽቶይ ነቓዕ
ከም ተመን ተፈሪዱ'ዩ፡ ርእሲ ርእሱ ክውቃዕ።

ኣበይ ኣበሉ፡ በዓል ወ/ማርያም ወዲባሻይ ጴጥሮስ ድሩዕ፡
ደጋጊምና ክንሕይኾ ኢና ክሳብ ሓቂ ንፈልጥ ከም መጕስዕ፡
ጀጋኑ ውሒጥካ፡ ናብ በዓል የማነታት'ዶ ክሻ፡ ጽግዕ ጽግዕ፡
ናትካ ኣቐሚጥካ፡ ብእንዳማትካ ከተወግዕ፡
ኣብ ዘይጓይላኻ፡ ተዓጢቕካ ክትስዕስዕ፡
መን ምስ በለካ'ዩ፡ ንስኻ ካብ ህበይ ትምልክዕ።

ምሒልና ጥሒልና ኢና፡ ንዓኹም ከይንርስዕ፡
ክንቃለስ ኢና፡ ኣእዳውናን ኣእጋርናን ክሳዕ ዝጽንብዕ፡
ኣይንድሃልን ኢና ብናይ ጨቌንቲ ምጕብዕባዕ፡
ኣይነፍቅድን ኢና ብደምናን ብዕድልናን ዝጣላዕ፡
ካብ ሳዕሳዕካ ምቍጽጻይ'ዩ፡ የለን ምምጥላዕ፡
እንተበኣሰ፡ ብዘይካ ደም ካልእ ኣሎ ድዩ ዝንቃዕ!!!